# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.107 | ረቡዕ 3 ጥሪ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2

“ንሳዋካብ ስድራይ ተሓቢአአየ ክይደ!”

ገጽ 3
ዝናር-ጥበባት - ኣብ 4ይ ዙርን መዛዘሚ ዓመት 2023ን


ገጽ 4
ውሑስ ስራሕ - መሰረት ምዕሩይ ዕብየት


ገጽ 5
ሕጊ ልቦና


ገጽ 7
ውድድር ኣትለቲክስ ጉያ መሮር ዞባ ማእከል ተኻዪዱ



## ጋላ-ነፍሒ - ቤት-ትምህርቲ ኢብራሂም ሱልጣን ብሉጻት ተመሃሮ ሸለማ



ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሓ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ን28 ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሉጻት ተመሃሮኣ ሸለመት።

እቶም ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 2022/2023 ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ኮይኖም፡ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ እዮም።

ካብ ተሸለምቲ፡ እቶም 6 - ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ ምኳኖም እውን ተሓቢሩ።

ብ30 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሚልየን ስምኦን፡ ተሸለምቲ ረኺቦምዎ ብዘለዉ ውጽኢት ከይተዛዘዩ፡ ንቕጽሊ ዓወት ክጽዕሩ ኣዘኻኺሮምዎም።

ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝዘረብቡ ሓለፍቲ ትምህርቲ፡ መምህር ናይ ለውጢ ሃዋርያ፡ ቤት-ትምህርቲ ድማ ናይ ለውጢ ቦታ ምኳኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ንወለዲ ተሸለምትን መማህራኖምን “የቐና” ኢሎም።

ተሸለምቲ ናብቲ ክበጽሕዎ ዝደልዩ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ጻዕርታቶም ከሐይሉ እውን ተላብዮም።

## ጋሽ-ባርካ - ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ተዘትዩሉ

ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብሓደጋታት ተሽከርከርቲ ዝስዕብ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ንምግታእ፡ ዝዋለመ ርክብ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣቑርደትን ተሰነይን ምስ ዝቶጥፉ ወነንቲ ዓበይትን ንኣሽቱን ተሽከርከርቲ፡ ወነንትን ሰራሕተኛታትን ጋራጃት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ምምራሕ መኪናን ካልኦት ናይ ጸገና ትካላትን ዘተገብረ ርክብ፡ ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ሜጀር ንርኣዮ ጸጋይ፡ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ብዘለጠንቁ ሓደጋታት - ኣብ ሂወት ሰብን ንብረትን ከቢድ ዕንወት ይወርድ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ብኣሃዛት ኣሰንዩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሜጀር ንርኣዮ - ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም 2023 ኣብ ዝነበረ ግዜ ጥራይ፡ ህይወት 18 ሰባት ዝቐዘፈን 133 ዘቚሰለን ሓደጋታት ትራፊክ ከምዝተጋጠመ ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ መብዛሕትኦም ሓደጋታት፡ ክቱር ናህሪ፡ ብዘይመምርሒ ፍቓድ ምዝዋር፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ልዕሊ ዓቕን ጽዕነትን ሸለልትነትን ከምዝኾኑ ጠቒሱ፡ ድማ፡ ሓደጋታት ትራፊክ ንምንካይ ኣሽከርከርቲ ብፍላይ - ብሓላፍነት ክንቀሳቐሱ ኣተሓሳሰበ። ሕብረተሰብ እውን፡ ሓደጋ ፈጺሞም ክሰወሩ ንዝፍትኑ ኣብ ምቕላዕን ናብ ሕጊ ኣብ ምቕራብን ተራኡ ክጻወት ኣተሓሳሰበ።

## ሃይኮታ - ምሩጻት ናይ ጸባ ከብቲ ጽቡቕ ውጽኢት የርእያ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ንሓረስቶት ዝተዓደላ ምሩጻት ናይ ጸባ ከብቲ፡ ብኣሉ ውልቃዊ ጻዕሪ ሓረስቶት - ጽቡቕ ውጽኢት የርእያ ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ክኢላ ልምዓት ጸባ ኣቶ የውሃንስ ገብራይ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምሩጻት ናይ ጸባ ከብቲ ብምዝርጋሕ፡ ብቕዓትን መጠንን ፍርያት ጸባ ንምስሳን ብዘውጽኦ ወጥን፡ ኣብ 2009 ብ35 ከብቲ ዝፈለመ መደብ - ሎሚ እናሰፍሐ ከምዝመጽአ ኣረዲኡ።

እተን ዝተዓደላ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ምስ ኩነታት ኣየር ናይ'ቲ ከባቢ ዝሰማምዓን ሕማማት ዝጻወራን ስለዝኾና ተመረጽቲ ምኳነን ዝጠቐሰ ኣቶ የውሃንስ፡ እቶም ብጥበብ ዝሓዝወን ሓረስቶት ኻሲ-ወከፎም ክሳብ 20 ኪሎ ዝበጽሖወን፡ ጠቕላላ ብዘለን ድማ - 1,156 ከምዝበጽሐ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ፡ ኣብ መስርሕ ዕደላ ሓደስቲ ናይ ጸባ ከብቲ ተረኺቡ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ተረባሕቲ ናይ'ቲ መደብ - ዝተዓደላኦም ከብቲ ብጥበብ ተኸናኺኖም ብስሩዖ ዝወሰዶ ምኽሪ ተኸቲሎም መፍረዩኦም ንምምሕያሽ ክጽዕሩ ኣተሓሳሰበ።

## መበል 45 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ‘ድምጺ ሓፋሽ’ ተጸምቢሉ

ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ፡ መበል 45 ዓመት ዝኽሪ ምምስራታ - ብ31 ታሕሳስ ምስ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ - ኣስመራ ጸምቢላ።

ኣብ'ቲ ብዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሬድዮ ኣቶ ግርማይ በርሀ፡ ንመድረኻት ምዕባለ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ካብ ምንጪ ሓቀኛ ሓበሬታ፡ ዝነበሮ ብደሀያታት፡ ኣብ ምዕዋት ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበራ ዕዙዝ ተራን ኣብ መደባት ህንጸት ሃገር እትገብሮ ዘላ ኣበርክቶን ዘርዚሩ።





ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ መምህር ገረዝጊሄር ገብረየሱስ ድማ፡ ምምስራት ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ድምጺ ብስራትን ዓወትን ከምዝነበረ ብምዝኽኻር፡ ጽምብል መበል 45 ዓመት ምምስራታ ኣብ ቤት-ትምህርቶም ክካየድ ምውሳኑ፡ ነቲ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ምስ ዓይኑስወራን ዘለዋ ድልዱል ዝምድና ዘንጸባርቕ፡ ንዓኣቶም ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ምኳኑን ሓቢሩ።

ሓደ ካብ ቀዳሞት ጋዜጠኛታት ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣቶ ኣስመሮም ሃብተማርያም፡ ንገፅዞ ታሪኽ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ፡ ጽልዋኣ ኣብ ህዝብን ተጋዳላይን ከምኡ'ውን ጸላኢ ንምዕባዕን ንምድምሳስን ዝተዩዶ ጻዕርታትን ብልሓት ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ናይ ዝነበሩ ቴክኒሻናትን ኣዘንትዩ።

ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ፡ 1 ጥሪ 1979 እያ ጀሚራ።




# “ንሳዋ ካብ ስድራይ ተሓቢአ እየ ከይደ!” መንእሰይ ፋጥማ ሓቢበ

ማርታ ክብሮም
ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ንሎሚ ናብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ተጓዒዝና፣ ንኹሉ ብደሆታት ህይወት ሰጊራ ኣብ ዓወት ዝበጽሐት ካብ ብሄረ ዓፋር ዝኾነት ኣብነታዊት ጓል-ኣንስተይቲ መንእሰይ ፋጥማ ሓቢበ ደዒዲ ኢና ከላልየኩም፦

**ከመይ ኣተዓባብያኺ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ - ደጌታ ኣብ እትብሃል ዓዲ እየ ተወሊደ። ኣብኡ ድማ ዓቢየ። ኣብቲ ዝዓበኽናዮ ዓዲ ናይ መባእታ ትምህርተይ ብሰሩዕ ኣገዩብ



ዘይርኣሳ ብትምህርቲ ዓርያት እየ ተማሂረ። ምኽንያቱ ንሕና ትምህርቲ ክንጅምር እንከለና፣ ናይ መዋእለ ህጻናትን መባእታ ቤት ትምህርትን ኣይነበረን። ድሒረን እየን ተሰሪሐን።

**እሞ ከመይ ቀጺልኪ?**

ዝበርከቱ ኣስበሊ ቀሩብ ንቕሓት ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝነደሎ ስለ ዝነበረ፤ ትምህርቲ ክመሃር ከለኹ ብዙሕ ማሰናኽል እዩ ዝገጥመኒ ነይሩ። ስድራይ’ውን ጥቕሚ ትምህርቲ ብዙሕ ኣይርድኦምን ነይሩ። ኣነ ግና ክመሃር ሓያል ድሌት እዩ ነይሩኒ። መባእታ ኣብ ዓድና ኣብ ደጌታ እየ ተማሂረ። ድሕሪኡ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርተይ ክቕጽል ናብ ኣፋምቦ ከይደ። ወለደይ ኣብዚ ካብ ገዛይን ስድራይን ይወጽእ ስለዘለኹ ኣብዮምኒ ነይሮም። ብዝዙሕ ጸዕሪ እየ ከይደ። ኣብ ስድራ ቤትና ጓል-ኣንስተይቲ ካብ ስድራኣ ተፈልያ ናብ ካልእ ቦታ ክትከይድ ምሕር ከበድ እዩ።

ካብ ቤተሰብና ዝተማህረ ኣካይ ጥራይ እዩ ነይሩ። ንሱ ብዙሕ ደገፍ ይገብረለይ ነይሩ። ናብ ኣፋምቦ እውን ንሱ እዩ ኣብጺሑኒ። ማእከላይ ደረጃ ምስ ወዳእኩ እውን ንኽይቅጽል ስድራይ ኣብዮምኒ እዮም።

**ኣብ ኩሉ ትምህርትኺ ቀዳማይ ተርታ ኢኺ ትወጽኢ ዘለኺ፤ እንታይ ከይድናም እዮም ዝኣበዩኺ ነይሮም?**

ስድራይ ጥቕሚ ትምህርቲ ኣይርድኦምን እዩ። ብሓፈሻ ዝጠዘለ ክፋል ሕብረተሰብና፡ “ጓል-ኣንስተይቲ ካብ ገዛ ክትወጽእ የብላን” ስለ ዝብሉ፤ ሓፈሻዊ ጥቕሚ ትምህርቲ እውን ኣይርድኦምን እዩ።

**ካልኣይ ደረጃ ንኽትመሃሪ ናበይ ኢኺ ቀጺልኪ?**

ካብ ኣፋምቦ ናብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ጠያ እየ ቀጺለ። ኣካይ ካብ ስድራይ ዝተማህረ ስለ ዝነበረ፤ ብዛዕባ ጥቕሚ ትምህርቲ ንስድራይ እናኣረድኦም፡ ንዓይ ድማ ብቑጠባን ብኻልእ ኩሉ ነገርን ይድግፈኒ ነይሩ። ብኸምዚ ድማ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ወዲአ ካብ ከተማ ዓሰብ ንሳዋ ተበጊሰ።

**ኣብ ጠያ ትምህርትኺ ወዲእኪ ደኣ ስለምንታይ ካብ ዓሰብ ተበጊስኪ?**

ስድራይ ሕጂ’ውን ንሳዋ ምስ ተበገስኩ ኣብዮምኒ። ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝኣበዩኒ ተሰኩ ቀሪጸ ነይረ። ኣካይ ግና ንስድራይ “ሳዋ ኣይትኸይድን እያ። ኣነ ግና ናብ ኣስመራ - ፈስቲቫል ክርእያ ክወስዳ እየ” ኢሉ ንስድራይ ኣእሚኑ ናብ ዓሰብ ኣምጺኡኒ። ካብኡ ድማ ንሳዋ ከይደ። ስለ’ዚ ንሳዋ ካብ ስድራይ ተሓቢአ እየ ከይደ።

**እሞ ስድራኺ ሳዋ ከም ዝኸድኪ ምስ ፈለጡ እንታይ ኢሎም?**

ሳዋ ክትከይድ እንከለኻ ብዙሕ ነገር እዩ ዘድልየካ። ንዓይ ሾግረይ ዝርድኣለይ ብዙሓት ሰባት ነይሮም። ንሳቶም ድማ ብዝዙሕ ነገር ይድግፉኒ ነይሮም። ንስድራ ኣብ ሳዋ ከይደ እየ ደዊለሎም። ኣብ’ዚ እቲ ክኸውን ዘለዎ ስለ ዝኾነ ኣይጨከኑለይን። ብቴለፎን ድማ ንራኸብ ነይርና።

**ህይወት ሳዋ ከመይ ረኺብኪዮ?**

ምስ 30 ዙርያ እየ ንሳዋ ወሪደ። ህይወት ሳዋ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። ኣነ ካብ በረኻ እየ ንሳዋ ከይደ። ቅድሚ ንሳዋ ምኻደይ ብጀካ ብዛዕባ ብሄረ ዓፋር ብዛዕባ ካልእ ብሄር ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ኣብ ሳዋ ግና፡ ምስ ካልኦት ብሄራት ክላለን ማሕበራዊ ህይወትን ንጥፈታትን ክፈልጥን ክኢለ።

**ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ከመይ ከይድኪ?**

ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ እየ ኣምጺአ። ኣነ ልዕለኡ እየ ተጸቢየ ነይረ። እንተኾነ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብፍላይ ኣብ ሳዋ እንከለኹ ምስ’ቲ ንስድራይ ከይተፋነኽዎም ዝኸድኩን ስድራይ ዘይምቕባሎምን ቀሩብ ጸቕጢ ይፈጥረለይ ነይሩ። እዚ ድማ ንበቕዓት ትምህርተይ ብኣሉታ ክጸልዎ ክኢሉ እዩ።

**ድሕሪ ሳዋ ናበይ ኢኺ ቀጺልኪ?**

ናብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ እየ ቀጺለ። ብዓውዲ ኮምፕዩተር ኣፕሊኬሽን ድማ ትምህርተይ ዛዚመ። ኮሌጅ ምስ ኣተኹ ስድራ-ቤተይ ኣዝዮም ተሓጒሶም። ኑበሰይ ክኣለ ንዕኦም’ውን ብደግምዚ ክሕግዞም ምኽኣለይ ኣዝዮም እዮም ሕጉሳትን ዕጉባትን።

**ገና ማእከላይ ደረጃ ክትጅምሪ ከለኺ፤ ስድራኺ ከመርዕዉኺ ሓሲቦም ነይሮም። እዚ ብኸመይ ሰጊርክዮ?**



ስድራይ ግድን ክትምርዓዊ ኢኺ ኢሎምኒ፣ ኣነ ግና ኣብየዮም። ንሶም፡ ምድላዋቶም ወዲኦም ናብ ዓዲ ክኸዶም እየም ዝጸበዩኒ ነይሮም። እቲ ክምርዓወኒ ዝሓሰበ ግና፡ ምህር ስለዝነበረ ኣዝዩ ይድግፈኒ ነይሩ። ክሳብ ሳዋ ከይደ ድሕሪኡ ናይ ኮሌጅ ትምህርተይ ዝዛዝም ድማ፡ ብዓቕሊ ይጸበየኒ ነይሩ። ጓል-ኣንስተይቲ ናይ ጸባሕ ኣደ እያ። ኣደ እንተ ተማሂራ ኩሉ ንስድራ ቤታ ትሕግዘን ንደቃ ድማ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡ ትሕግዞምን። ኣነ ከኣ ክመሃር ኣሎኒ ጥራይ እየ ዝብል ነይረ። ኣብዚ መዳይ’ዚ፤ በዓል ቤተይ ይሕግዘኒ ነይሩ።

**መዓስ ኢኺ ተመርዒኺ?**

ካብ ሳዋ ምስ መጻእኩ ኮሌጅ ቅድሚ ምእታወይ ከመርዕወኒ ሓሲቦም። እቲ ክምርዓወኒ ዝሓስብ ዝነበረ ወዲ ግና ትምህርተይ ክውድእ ስለዝደለየ፡ ንስድራይ “ንመርዓ ኣይተዳለኹን” ኢልዎም። ስለዚ ኮሌጅ ኣትየ ትምህርተይ ክሳብ ዝዛዝም ተጸቢዩኒ። ድሕሪኡ ተመርዕየ። ሕጂ ኣደ ሓንቲ ቈልዓ እየ።

**ሕጂ ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይ ዞባኺ ኢኺ ትሰርሒ ዘለኺ፤ ናይ መጻኢ ናይ ትምህርቲ መደብኪ እንታይ ይመስል? ኣብ ሕብረተሰብኪ’ኸ እንታይ ለውጢ ክተምጽኢ ትሓስቢ?**

ኣብዚ ቤት ጽሕፈት ዞባ ብዝተመሃርክዎ ዓውዲ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ። እንተኾነ ኣብዚ ኮይነ ንሕብረተሰብይ ክሕግዞ ዝኽእል ዕድል ኣይረኸብኩን ዘለኹ። ንሕብረተሰበይ ፍልጠተይን ተሞክሮይን ከመሓላልፈሉ እንተኾይኑ፤ መምህር ክኸውን ከም ዘሎኒ እሓስብ። ኣነ ካብ ብሄርም ኣብ ቅድሚኦም ኮይነ እንተ ዝምህር፡ ንዓኦምን ንደቆምን ዓቢ ኣበርክቶ ምኾነ ኢለ እሓስብ። ኣነ ካብ ዓደይ ርሒቐ ኣብ ከተማ ዓሰብ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ፣ ስለዚ ምስ ስድራ-ቤተይን ደቂ ዓደይን ክራኸበሉ ዝኽእል ዕድል የብለይን። እቲ ከሕልፈሎም ዝኽእል ነገር ድማ ብዝኾነ ከሕልፎ ኣይከኣልኩን ዘለኹ።

**ንደቅኺ እንታይ ዓይነት ተሞክሮ ህይወት ኢኺ ከተሕልፍሎም?**

ኣነ ዝሓለፍክዎ ኣብ ደቀይ ክድገም ኣይደልየን እየ። ስለዚ ንደቀይ እቲ ቀዳማይ ክገብረሎም ዝደሊ ነገር፡ ብዝኾነ ዕድል ትምህርቲ ከም ዝረኽቡ ምግባር እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፍዮ እትደልዪ መልእኽቲ?**

ኣብ ሕብረተሰብና ጓል-ኣንስተይቲ ክትመሃር ከቢድ እዩ። ናይዚ ብዙሕ ምኽንያታት እኳ እንተ ሃለወ፡ ሓደ ካብኡ ቁጠባዊ ሕጽረትን ድሑር ርድኢትን እዩ። ዝ ንምብዳህ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብና ኣቲና ንሽግሩ ክንገብርን ክንተሓጋገዝን ይግባእ እብል።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ሌላ ምስ ባጽዕ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | መደብ መዚቃ |
| 15:15 | ያታዊ ትልሂት |
| 16:34 | ሃለው ቆልዑ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ኣመጻጽኣ ሓዲሽ ዓመት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- መስተንክር |

# ዘናር ጥበባት - ኣብ 4ይ ዙርን መዛዘሚ ዓመት-2023ን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ኣብ ዝተፈላለዩ ገድላውን ታሪኻውን ፍጻመታትን ቦታታትን ክሰላሰል ካብ ዝጸንሐ - ሓሙሻይ ዓመቱ እዩ፡፡ በዚ ሓያሎ ስፖርተኛታት፡ ግዱሳትን ተዓዘብቲን ዝሰሓበ ዘሎ መደብ - እቶም ተሳታፍቲ ፍቕሪ ጥበብ ንኸውጽኡ መድረኽ ዘናደዩ ፈተውራሪ ስፖርተኛታት፡ መንቀሳቐሲ ተስፋ ንኽምዕብሉ ተራ ገይሩ እዩ፡፡

ብዘይካኡ እዚ መደብ እዚ፡ ብስፖርታዊ መንገዲ ዘመሓላልፎ ንገራዊትን



ዘኮልዕ ታሪኽ "እምብለይ ንመንዘኦቲ" ዘቃልሕ፡ ኣብ ምብዛሕ ገሬል ስፖርተኛ ዘፈጥሮ ቅዱስ ቅንኣን ደፋኢ መንኮርኮር፡ ብዓብኡ ድማ - ኣብ ምቅንጻል/ምምርቓሕ ረቂቕ ጥበብ ዘደህስሶም እንግዶት - በዕማዚኡ እናበለ ዝመጽእ ቀውምነገር ኣፍርዩ ኣሎ፡፡ ዘናር ጥበባት ዞባ ማእከል፡፡

ብኽፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ዝኸደ ዘናር ጥበባት፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ስፖርታዊ ጥበብ፡ ሰብ ተወሂቦ ዓቕሞም ዘፍትሸሉን ዘማዕብሉሉን መድረኽ ካብ ዝኸፈተ ኣትሒዙ፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ስፖርተኛታት ትሕዝቶታቶም ከቕርቡ፡ ኣብ ግጥምን ቅብኣን ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ውድድር ድማ፡ መዘጻጸሪ ባይታ ንክረኽቡ መንገዲ ከፊቱ እዩ፡፡

ዓርቢ 29 ታሕሳስ 2023 ዓ.ም. ራብዓይ ዙርን ምፍናውን ናይ ዓመተ 2023 ጥበባዊ ትሕዝቶታቱ ከቃልሕ ዝመጸ መደብ ዘናር ጥበባት፡ ኣብ ሓዳስ ዓመት 2024፡ ብሓዲሽ ሓይሊን ትሕዝቶን መደባቱ ከስፍሕ ከም ዝወጠነ ከየብሰረ ኣይሓለፈን፡፡ ብምስሊ 9 ብዘሪት ኤርትራ፡ ብቕብኣን መብራህቲ ሓድሽ ዓመትን ከምኡ ድማ ባህሊ ሃገር ንምንጽብራቕ ብሕምባሻ፡ ሃንዳ ቅጫ፡ ቀሎ ስዝም ምስ ፋል፡ ብወግዒ ቡንን ብኣማኢት ዕዱማትን ኣብ ዝበረ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝተሰላሰለ መደብ፡ ድሕሪ መዚቃዊ መእተዊ (Instrumental music)፡ ከም ወትሩ፡ ብናይ ካልኢት ሰቕታ ኑዩም ኣርካናት ሰራሕቲ ኤርትራ ምስ ዘከረ፡ ብመራሒ መደብ ስፖርተኛ በረኸት ኣማረ - ናይ 'እንቋዕ ደሓን መጻእኩም' ናይ መጻኢ ሰናይ ምጽዋትን ተመሓላሊፉ፡፡ ዕዱማት ከኣ ቅቡላታት ንኽስዕቡ ካብ መቓምጦኦም ተላዒሎም፡፡

ኣብ'ዚ ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ፓርኪን ዞባ ማእከል ከም ናይ ክብሪ ዕዱማት ዝተጸውዑሉ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ፡ ከምኡ ድማ ሰብ ስልጣን መንግስቲን ህግደፍን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሃገራውያን ማሕበራትን ስፖርተኛታትን ግዱሳትን ተረኺቦም ነይሮም፡፡

ሓላፊ ጥበባትን ፈስቲቫላትን ዞባ ማእከል ስፖርተኛ መለስ ንጉሰ፡ ኑዩም ኣብ መደብ ራብዓይ ዙርን መዛዘሚን ዘናር ጥበባት 2023 ዝተሳተፉ "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም!" ድሕሪ ምባሉ፡ እቲ ኣብ ምጅማር 2018 ዝፈለመ ዘናር ጥበባት፡ ብዘይካ ኣብ ግዜ ተላባዊ ሕማም ኮሮና ዝኾነ - ንሽዱሽተ ወርሒ ከየባተኸ ምቕጻሉ፡ ከም እወታ ከም ዝውሰድ ጠቒሱ፡፡

ዕላማ ዘናር ጥበባት፡ ክሱብ ሕጂ ስፖርታዊ ስራሓት ኣብ ምንጽብራቕን ስፖርታዊ ውድድር ኣብ ምስልሳልን ኣድሂቡ እኳ ክሰርሕ እንተ ጸንሐ፡ ብዙሕ መደባት ዘጠቓልል ንክኸውን፡ ኣብ መጻኢ ንኡሳን ዞባታት ከም ዝሳተፉ ብምግባር፡ ንዕቑር ዓቕሚ ብዝያዳ ምፍልፋልን ምምዕጋምን ሓደ ካብ ዕላማታቱ ገይሩ ከም ዝሰርሓሉ ድማ ገሊጹ፡፡

"ኣብ መፋርቕ ናይ ጥሪ 2024 ናይ ሓሙሽተ ዓመት ጉዕዞ ዘናር ጥበባት ብምግምጋም፡ ንቕጽሊ ብዝሓየለ መንገዲ ክንቅጽሎ ምኳንና ቃል እናኣቶና፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓሙሽተ ዓመታት ቀጻልነት ዘናር ጥበባት ዘውሓሱ ኩላቶም ስፖርተኛታት፡ መሻርኽቲ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ልዑል ምስጋና እናኣቕረብና፡ ዕዙዝ ተሳትፎኦም ቀጻሊ ክኸውን ንላቦ" ዝበለ ስፖርተኛ መለስ ንጉሰ፡ ዘናር ጥበባት፡ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት 6 ግዜ መደባቱ ከቕርብ ከም ዝጸንሐ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መደብ ድማ ሓንቲ ድራማ፡ 12 ደርፊ፡ ከምኡ ድማ ሓሓሊፉ ማስ ከቕርብ ከም ዝኸኣለ ኣዘኻኺሩ፡፡

ሓያሰቲ ደርፍታት ንምፍራይን ውድድር ትልሂት ንምስራዕን፡ ብዙሓት ስፖርተኛታት ከም ዘሳትፍን ከቢድ ወጻኢ ከም ዝሓትትን ብምጥቃስ ድማ፡ ከም'ቲ ዝድለ ከም ዘይሰጉመ ገሊጹ፡፡ "ንቕጽሊ ግን እኹል ባጀት ብምቕራብን ጸጋፍ ቅጥዕታት ብምውጻእን ክድፍኣሉ ዝኽእል መደብ ምኻኑ ንግዙበ" ድማ ኢሉ፡፡

ንኣገልግሎት ፓርኪን ዞባ ማእከል ኣመልኪቱ ሓጺር መብርሂ ዘቕረበ ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪአ ቐለታ ብወከሉ፡ ኣብ'ቲ ስፖርታዊ ኢጋጣሚ፡ ንሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ፓርኪን ዞባ ማእከል ብኽብሪ ምዕዳም ባህ ዘበል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶኦን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዘተዋህበን ኣኽብሮትን ኣፍልጦን ብስም ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣመስጊኑ፡፡

እዘን ሰራሕተኛታት ዝጥፍኣ ኣገልግሎት ፓርኪን፡ ዜጋታት ስርዓት ዝሓለወ መጸንሒ መኪና ንክረኽቡ፡ ጸቕጥቅጥን ዕግርግርን ዘይብሉ ኣገባብ ዝተኸተለ ምንቅስቓስ ንኽህሉ፡ ንከተማ ኣስመራ ምንጪ እቶት ኣብ ምብርካት፡ ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ ምፍጣርን ንስርዓት ምቁጽጻር ትራፊክን ምኽባር ጸጥታን . . . ዘበርክቶ ሓገዛት ኣቃሊልካ ዝረአ ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ፡፡

ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ፓርኪን፡ ኣብ ስራሕ ብዘጋጥመን ብደሆታትን ጸቕጥን ከይተሓለላ ዝርኣያኦ ተወፋይነትን ምቕሉልን ኣበርክቶን፡ ከምኡ'ውን ንመሻርኽቲ ኣካላት ቤት ጽሕፈት ትራፊክ ዞባ፡ ክፍሊ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዞባን ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባን፡ ዝበርከቱዎ ቀጻሊ ሞያዊ ደገፍን ምትሕብባርን ኣመስጊኑ፡፡ ብተወሳኺ፡ ብዝርኣይዎ ምትሕብባርን ስልጣን ስምምዕን ንኹላቶም ተገልገልቲ ልዑል ምስጋና ኣቕሪቡ፡፡

ሓላፊ ክፍሊ ምምሓዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪአ ብተወሳኺ፡ ብቐጻሊ ምስ ሰፋሓት ከተማ ኣስመራን ጻዕቂ መካይንን ዝመጣጠን ኣገልግሎት ንምሃብ፡ ብቕዓት ትካል ንምምሕያሽን ንምሕያልን ምስ ኩላቶም መሻርኽቲ ብምትሕብባር ንምስራሕ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎን ኣገልግሎት ፓርኪን ልዑል ቆላሕታ ከም ዘድልዮን ብምዝኽኻር፡ ኩላቶም ኣካላት መንግስትን ተገልገልትን ከም ወትሩ ምትሕብባሮም ክቕጽሉ ተላብዩ፡፡

ዝመጽእ ዓመት ናይ ሰላምን ቅሳነትን ክኸውን ዝተመነየት፡ ንሓላፊት ጨንፈር ኣገልግሎት ፓርኪን መርየም እድሪስ ወኪላ ቃል ዘሰምዐት ወ/ሮ መብርሂት ጉብረሂወት፡ ኑዩም ኑቲ ዕድል ዝፈጠሩን ኣብ ኩሉ ዕማማት ዝተሓባበሩን ኣካላት ብምምስጋን፡ ከምኣተን ዝኣመሰለ ደቂ-ኣንስትዮ እውን ከም ናተን ናይ ስራሕ ዕድል ክፍጠረለን ተመንየ፡፡

መሰናድኦ ዘናር ጥበባት፡ ብስፖርታዊ ምርኢታት እዩ ቐጺሉ፡፡ ተለሃይቲ ሚራስ ጉጆለ ባህሊ ሃግመተኤን ጉጆለ ባህሊ ዞባ ማእከልን ብዮሩም ምንቅስቓስ ትልሂት ተዓዘብቲ ዝማስጡ ክኾኑ እንከለው፡ ድጋም ደርፊ ቀዳሞት፡ ትልሂት፡ ከምኡ'ውን ግጥምን ማሽን ኑቲ ምርኢት ዘድመቑ ትሕዝቶታት እዮም፡፡ ጉዳይም ስፖርተኛታት ኣማኑኤል ወልደጋብር (ሞሞና)፡ ተስፋልደት ማሰፍን (ወዲ-ማሰፍን) ብልፍንቲ ዝደረፍዋ - "ምድረ ማያውያን" እትብል፡ ንሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ እተመጉስ ደርፊ እውን ንተዓዘብቲ ካብ ዘወዓዱ ዜማታት ሓንቲ ነበረት፡፡

ኣብ ሓቀኛ ፍጻመ ዝተመርኮሰት "ድራማ 77" ብሓፈሻ ምረት ኩናት ኣንጻር መግዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ድማ ስዉእ መጥቃዕቲ ሳሊና እተንጸባርቕ፡ ኣደራዕ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ምብትታን ስድራቤታት፡ ንሰውእ ዘይጠለመ ተጋዳላይ መብጽዓ ወሽጡ ኣብ ወዲ-ሰውእ ከም ዝፈጸመ እተዘንቱ፡ ንተዓዘብቲ ናብ ዝነታን ሓበንን ዝሸመመት ሓጻር ዛንታ ገድሊ ነበረት፡፡

መደብ ዘናር ጥበባት ዞባ ማእከል ኣብ ምዝዛሙ ኣብ ዝተገብረ ምዕዳል ሽልማትን ሰርቲፊኬትን፡ ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 ኣብ ምምዕራግ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገበሩ ንኡሳን ዞባታት፡ ንኣባላት ኮሚተ ፈስቲቫል 2023፡ ትካላት፡ ከምኡ ድማ ዘናር ጥበባት ኣብ ምቕጻል ዓቢ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ስፖርተኛታትን ኮሚተ ዘናር ጥበባትን ማሕበራት፡ ትካላትን ወልቀ-ሰባትን፡ ጉባልል ስፖርታዊ ውድድር ዘናር ኣዋርድ፡ ካብ ኣመሓዳሪ ዞባ



ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ፡ ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪአ ቐለታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ስርዓትን ሕግን ዞባ ማእከል ኮሎኔል ተስፋሚካኤል ተስፋጽዮን፡ ሓላፊ ህግደፍ ዞባ ማእከል ኣቶ እዮብ ኣርኣያ፡ ናይ ምስጋና ሰርቲፊኬትን ሽልማትን ተዓደሎም፡፡

ኣብ'ቲ ዕለት ካብ ዝተሸለሙ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዕዮኦም ዕዙዝ ኣበርክቶ ከም ዝገበሩ ዝተኣገረሎም ሓደ ወዲ-ተባዕታይ ዝርከበን ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ፓርኪን ዞባ ማእከል - ራሄዋ ጠዓመ፡ ሊያ ጉብረዝጊኣብሄር፡ ሰላማዊት ጉብረሂወት፡ ሂወት ተኽሊት፡ ኣስመረት ተኪኦ፡ መድህን ጉብሩ፡ መብርሂት ጉብረሂወት፡ ዛይድ ክብሮም፡ ምሕረት ተኽሊት፡ የናስ መኮንን፡ እዮም፡፡

ኣብ ዘናር ኣዋርድ ድማ፡ ኣብ ውድድር ግጥሚ፡ ቀዳማይ በርሀ ኣብርሃ፡ ካልኣይ ኤደን ተወልደ፡ ሳልሳይ ናሆም ተኽስተ፡ ኣብ ቅብኣ ቀዳማይ በርሀ ርእሶም፡ ካልኣይ ሳይሞን ተስፋዝጊ፡ ሳልሳይ ኤደን ቴድሮስ ጉባልል ዘናር ኣዋርድ ተባሂሎም ተሸሊሞም፡፡

መደብ ዘናር ጥበባት፡ ኣማኢያኡ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ፡፡







# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ውሑስ ስራሕ - መሰረት ምዕሩይ ዕብየት



ድሌታትና ከየማልኡ፣ ኻፍስና ክንፈቅድ ከም'ኡ'ውን ውልቃውን ማሕበራውን ዕላማታትና ናብ ክውንነት ክንቅይር ናይ ግድን ክንሰርሕ ኣሎና። ስራሕ ካገራውን መንፈሳውን ድሌታት ንምምላእ ዝግበር ጻዕሪ ከም'ኡ'ውን ማሕበራዊ ዝምድና ዝጀምረሉን ዝምዕብለሉን ተግባር እዩ። ደቂ-ሰብ ምስ ክውንነት ዘራኽቦም ኣገዳስን ወሳኒን መሳርሒ ስራሕ'ዩ። እዚ መሳርሒ'ዚ ውልቀ-ሰባት፣ ሕብረተሰብን ሃገርን ብስራሕ ማዕበሎምን ካብ ድኽነት ተላቒቖምን ምዕሩይን ውሑስን ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈኖ ሕብረተሰብን ዜጋን ንክህሉ ዘይሃናቕ ተራን ኣበርክቶን ይጻወት ከምዘሎ ማንም ዝስሕቶ ኣይኮነን። እዚ ኾይኑ ኩብቅዕ እዚ መሳርሒ'ዚ ብስራሕ ምስኣን ምስ ዝብተኽ ሳዕቤኑ ንውልቀሰባት ረዚን ኮይኑ፣ ምስ ግዜ ምንዋሕ ድማ ነቲ ሕብረተሰብን ሃገርን ኣዕናዊ ይኸውን። ሰባት ኣብቲ ዝሰርሕዎ ዘለው ስራሕ ዕላማን ትርጉምን ክረኽቡሉ መታን ውሕስነትን ምቹእነትን ኩነታት ስራሕ ክረጋገጽ ክኽእል ኣለዎ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ምሉእ ተቐባልነት ንምርካብ ተዋሳእቲ ንክኾኑ፣ ኣምሳያ ናይቲ ዝሰርሕዎ ስራሕ ጻማ ክረኽቡ ከምዘለዎም ርዱእ ነገር እዩ።

ውሑስነት ወይ ኣዕጋብነት ስራሕ፣ ድኽነት ንምውጋድ ወይ'ውን ንምጉዳል ኣብ ዝቶየዱ ኩሎም ዓይነታት ጻዕሪ ከም'ኡ'ውን ምዕሩይ፣ ርሑብን ዘላቕን ዕብየት ንምብጻሕ ኣብ ዝወሰድ ሜላታትን እንኽተሎም መንገድታትን ሜላታትን ልዑል እጃም ሒዙ ይርከብ። ውሑስ ስራሕ፣ ስራሕተኛታት ርትዓውን ኣርባሒን እቶት ዘለዎ ዕድላት ስራሕ ንክረኽቡ፣ ድሕንነትን ጥዕናን ስራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ዝወሰዱ ስጉምትታት፣ ቀረብ ማሕበራዊ ናብዮት ስራሕተኛታትን ኣብ ትሕተኦም ዝኣለዩ ስድራቤቶምን ዝረጋገጸሉ ተግባራት ከም'ኡ'ውን ተሳታፍነትን ጥርናፈን ስራሕተኛታት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መተብርኦምን ህይወቶምን ዝጸልዉ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ሓሳባቶም ንኽገልጹ ዝፍጠር ጥጡሕ ባይታን ካልእን ዝሓቖፈ ኣድላዪ ኣምር ወይ ባእታ ዕዮ እዩ።

እዚ ኹሉ ዓይነት ዝተገልጸ ረቛሒታት ምስ ዝማላእ ድማ'ዩ ስራሕ ውሑስ ኮይኑ ዝበሃል። ክንዲ ዝኾነ እንታይነትን ትርጉምን ስራሕ፣ ብምንታይ ደርኩበን ይፍጠርን፣ ስራሕ ውሑስ ክኸውን እንታይ የድሊ፣ ውሕስነት ስራሕ እንታይ ረቛሒታት የማልእ፣ ተራን ኣበርክቶን ውልቀሰብ፣ ሕብረተሰብን መንግስትን ከመይ ክኸውን ኣለዎን ካልእን ዝኣመሰሉ ትሕዝቶታት ምዝርዛር፣ ውሑስ ስራሕ ንምርግጋጽ ዝእንፍቱ ቅሉዕ ኣገባብ ወይ ሜላታት ኮይኖም ኣለው።

ብመጀመሪያ፣ ስራሕ ከም ኣምር ነቶም ኣብ ክሊ ዕድመ 14 ክሳብ 64 ዘለዉ ዜጋታት ክፍጠረሎም ይግባእ። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ዓቕሚ ሰባት ብመንጽር ኩነታቶምን ንጡፍነቶምን ኣብ "ንጡፍ ወይ ዓያዪ ዓቕሚ ሰብ" ወይ ከኣ "ዘይንጡፍ ዓቕሚ ሰብ" ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ንጡፍ ወይ ዓያዪ ዓቕሚ ሰብ፣ ነቶም ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ዘለዉን ነቶም ስራሕ ዘይብሎም ኣብ ምድላይ ስራሕ ዘለዉን ዓቕሚ ሰባት ይሓቁፍ። እቶም ስራሕ ዘይብሎም ኣብ ስራሕ ምድላይ ዘለዉ ዓቕሚ ሰባት፣ ኣብታ እዋናዊትን ህሉውን ግዜ ስራሕ ስለዘይብሎም፣ መሰረታዊ ድሌታቶም ከማልኡ ዘይክእሉ እዮም። ብዘይተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ስራሕ ክሳተፉ ዘይክእሉ ዘይንጡፋት ዓቕሚ ሰባት ተባሂሎም ተገሊጾም ዘለዉ ጾር ናይቶም ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኮይኖም፣ ኩነታቶም ተመሓዪሹ ንጡፋት ንክኾኑን ኣብ ስራሕ ንክዋፈሩን ዕድላት ስራሕ ክፍጠረሎም ይግባእ።

ስራሕ ምፍጣር ኩሉ ግዜ ምስ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ወፍሪን ተኣሳሲሩ ዝትግበር ክሳብ ዝኾነ ኣዝዩ ከቢድ ዕማም ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ። ስራሕ መሰረት ምዕባለ ብምኻኑ፣ ዋላ ዘይተኣደነ ወጻኢታትን ጻዕርታትን ብምፍሳስ ግብራውነቱ ምርግጋጽ መኽሰብ እንተዘይኮይኑ ክሳራ የብሉን። ነቶም ስራሕ ዘይብሎምን ኣብ ስራሕ ምድላይ ዘለዉን ዓቕሚ ሰባት፣ ኩሉ ግዜ ምስ ቁጠባዊ ዓቕምታትን ጸጋዊ ትሕዝቶታትን ኣዋዲድካ ምስ ክውንነት ብምዝማድ ስራሕ ናይ ምፍጣር መደብት ይሕንጸጹ እዮም። ስራሕ ክፍጠር ከሎ ብዙሒ ደለይቲ ስራሕን ኩነታት ቁጠባን ምፍላጥ ኣገዳሲት ስለዘለዎ፣ እዋናውን ዳህሳሳውን መጽናዕቲ ከም ኣድላይነቶምን ኩነታቶምን ምኻያድ ከድሊ'ዩ።

ዓይነት ዝፍጠር ስራሕን ብመን ይፍጠርን ሓደ ካብቲ ማስርሕን ኣገባብን ምርግጋጽ ውሕስነት ስራሕ'ዩ። ሃገር ምህናጽ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ምኻኑ ርዱእ ካብ ኮነ፣ ስራሕ ምፍጣር ድማ ኣካል ሃገር ምህናጽ ስለዝኾነ፣ ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ኣይኮነን፣ ዓቕሚ ዘለዎም ርኸባት ተራኦም ክፃጽኡ ይግባእ። መንግስቲ መሰረታውያን ቀረብ ኣገልግሎታት ህዝቢ ክሀብ ስለዘለዎ፣ ኣገልግሎት ንምስላጥ ስራሕ ይፈጥር። ኣብቲ ዝተፈጥረ ክፉት ቦታታት ስራሕ ድማ ዜጋታት ተቖጺሮም ይሰርሑ። ውልቀ-ሰባት'ውን ዘለዎም ገንዘብ ኣውፊሮም መኽሰብ ንክረኽቡ ስራሕ ይፈጥሩ። ኣብቲ ዝተረኽበ ክፉት ቦታታት ስራሕ ምስቲ ሒዝዎ ዘሎ ረቛሒታት ብምዝማድ እቶም ደለይቲ ስራሕ ይምደቡ። ስለዚ መንግስቲን ርኸባት ኣውፈርቲን ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ስራሕ ኣብ ምፍጣር ዓቢ ተራ ይጻወቱ ከምዘለዉ ምስክር ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

እንታይ ዓይነት ስራሕ ክፍጠር ከምዘለዎ ንምፍላጥ፣ ጠለብን ቀረብን ዕዳጋ ዕዮ ክፍለጥ ክኽእል ኣለዎ። ሓበሬታ ጠለብን ቀረብን ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ድማ ዓይነት ስራሕ በቲ ተፈጠሩ ዘሎ ስርሓት ክውሰን ይኽእል። ኣብ ቀረብ ዕዳጋ ዕዮ ተመርኩስካ ክእለት፣ ሞያ፣ ትምህርትን ጉልበትን ደለይቲ ስራሕ ኣቐዲምካ ብምንጻር እንታይ ዓይነታት ስራሕ ብብዝሒ ክትፈጥር ከምዘለካ ኣድላዪ ሓበሬታታት ክትእክብ ትኽእል። ብመንጸር ጠለብ ዕዳጋ ዕዮ ክርአ ከሎ ድማ እቲ ከተፍርዮ ዝሓሰብካ ኣቑሑ ወይ ድማ እቲ ክውሃብ ዝተመደበ ኣገልግሎታት፣ እንታይ ዓይነታት ስራሕ የድልዮ ኣጸፊርካ ብምፍላጥ ይጥሉብ። ክውንነትን ቀዳምነታትን ምህናጽ፣ ሃገር ኣብ ምፍጣር ስራሕ ቀጥታውን እወታውን ምትእስሳር ኣለዎ። ስራሕ ምፍጣር መብዝሕትኡ ግዜ ብጠለብ ዕዳጋ ዕዮ እዩ ዝዝወርን ዝእንፈትን።

ትምህርቲ፣ ሞያን ክእለትን ከም'ኡ'ውን ብዝሒ ደለይቲ ስራሕ ብቐጻሊ ጽጹይ መጽናዕቲ ምክያድ ኣብ ስራሕ ምፍጣር ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣቑሑት ንምፍራይን ኣገልግሎት ንምሃብን ዝተፈጥረ ዓይነት ስራሕ ናይ ግድን ብዜጋታት ክምላእ ኣለዎ። ዜጋታት ደለይቲ ስራሕ ኣብ ዘይርከበሉ ግዜ ድማ ነቲ ዘሎ ሕጽረታት ንምምላእ ካብ ደገ ዜጋታት ዘይኮኑ ስራሕተኛታት ብምእታው እቲ ስራሕ ከምዝዕመም ይግበር። እዚ ብዜጋታት ክምላእ ዘይክኣል ስርሓት ግን ምስ ግዜ ኣድላይን ግቡእን ስልጠናታትን ትምህርትታትን ብምሃብ እናተፈትሐ ክኸይድ ኣለዎ።

ዝተፈጥረ ስራሕ ብኸመይ ይመሓደር? ብሓፈሻ ሕብረተሰባት ንስራሕ ብመንገዲ ሕግን ሕጋጋትን፣ ብወለንታዊ ክልተኣዊ ስምምዓት፣ ብትካላት ሓበሬታ ዕዳጋ ዕዮ፣ ከም'ኡ'ውን ብስምምዕ መንግስትን መሻርኽቶምን ይመሓደር። ኣህጉራዊ ውዕላትን ስምምዓትን እውን ከም ኣድላይነቶምን ኣገዳስነቶምን ተገምጊሞም ስራሕ ክመሓደሩ ይኽእሉ። ዕብለላ ዓለማዊ ዕዳጋ ዕዮ እናነበሰ ይመጽእ ስለዘሎ፣ ብኡ መንጽር ብዙሕ ለውጥታትን ክስተታትን ይቀላቐሉ ኣለዉ። ካብቶም ዝተረእዩ ለውጥታትን ክስተታትን ንምጥቃስ ከኣ፣ ዕላውያን ጸላት-ቁጠባ (Formal Sectors) ብዘይዕላውያን ጸላት-ቁጠባ (Informal Secttors) ብብዝሒ እናተተክኡ ይመጽኡ ኣለዉ። ትካላዊ ሃገራዊ ሓበሬታ ዕዳጋ ዕዮ ከኣ ሃገራዊ ምሕደራ ስራሕ ድማ፣ እናለመሱን ኣብ ሓደጋ እናወደቑን ይመጽኡ ኣለዉ። ከም ሳዕቤኑ፣ ህላወ ደረጃታት ዕዮ፣ ቀጸልነቶም ንምርግጋጽ ዘይትሓለለ ጻዕሪ ከምዝሓትት ርዱእ ነገር ኮይኑ ኣሎ።

ማሕበራውነት ስራሕ ብኸመይ ይረጋገጽ? ንበዝሕ፣ ስራሕ ውልቃውን ማሕበራውን ዕማቤታት ንምምላእ ዝግበር ጻዕሪ ካብ ኮነ፣ ማሕበራውነት ስራሕ ክረጋገጽ እንተኾይኑ ድማ፣ ቀጻልነት ዝፍጠሩ ስራሕ ክውሓሱ ኣለዎም። ስራሕ ኣብ ጥቓ ከበቢኻን እትነበረሉን ክኸውንን ማሳለት ስራሕ ክምኡእን ከሎ'ውን ዚያዳ ተመራጺን ብልጫን ኣለዎ። ማሕበራዊ ውሕስነት ምስ ዝረጋገጽ፣ ጻማ ስራሕ ነቲ ውልቀ-ሰብን ማሕበረሰብን ዘዎገብ ምስ ዝኸውን፣ ማሕበራውነት ናይ ስራሕ ክረጋገጽ ይኽእል።

ዕላማ ስራሕ ብቐንዱ መሰረታዊ ድሌታት ምምላእ'ዩ። ኮይኑ ግን መጠን ዕብየት ኣፍራይነት ብናይ ሳይንሳዊን ቴክኖሎጂካዊን ምዕባለ ክብርክት ምስ ጀመረ፣ ዕላማ ስራሕ ካብ መሰረታዊ ድሌታት ሓሊፉ ናብ ካልእ ድሌታት ክዝርጋሕ ክኢሉ። ኣብ ዓለምና ዋላ'ኳ ኣፍራይነት ክዓቢ እንተኸኣለ፣ ውልቃውን ማሕበራውን መሰረታውያን ድሌታት ክማላእ ብዘይምኽኣሉ፣ ድኽነት ዝያዳ ክሽረር፣ ብዙሓት ሰባት ድማ ኣብ ዘይውሑስ ስራሕ ተዋፊሮምን ንረኽቦም።

ጽብጹብ ኣህጉራዊ ውድድብ ዕዮን ህሉው ኩነታት ዓለማዊ ዕዳጋ ዕዮን ብዝጸርን ብሞለጸን ኣገባብ ከምዝዘረር፣ ኣብ ወሰኑን ስራሕ ንዊሕ ዓመታት ምጽናሕ (ቀዋሚ ስራሕ) ግዜኡ ዝሓለፎን ኣድላይነቱ እናንሃደለን ይመጽእ ኣሎ። ባህሪ ናይቲ ስራሕ ብዘዋገድሱ፣ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝተኣተወ ውዕላት ስራሕ ንዝተወሰነ ግዜ ወይ ግዚያዊ ስራሕ፣ ዝተወሰነ ስራሕ ክሳብ ዝፍጸም ወይ ድማ ንዝብጽሖ ዝፍጸምን እናተቓረጸ ዝቕጽልን ስራሕ ፍጹም እናተተክአ ይኸይድ ኣሎ። ስራሕተኛታት ካብቲ ማብቆላዊ ቦታኦምን መተብርኦምን ወጺኦም ናብ ካልእ ቦታታት እናተንቀሳቐሱ ምስራሕ ዝውትር ይኸውን ኣሎ። ስራሕ ውልቃውነት ዝዓብለሎ፣ ውሕስነት ዘይብሉን ኣብ ሕብረተሰብ ዝፈጥሮ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋታትን ተደማሚሩ፣ ኣሰካፊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፣ ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድና፣ ናይ ስራሕ ልምድን ውልቃዊ ህይወትን ብኣሉታ ተጸልዩ ይርከብ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዓሚቕ ፍልጠት ዝሓተተ ክእለት ዝያዳ ተጠሊቡ ይርከብ ኣሎ። ውልቀሰባት ብዘለዎም ሞያ ናጻ ኮይኖም ንዝፈጸምዎ ስርሓት ኣዕጋቢ ጻማ ክረኽቡሉ ይደልዩ። ቦታታት ስራሕ ድማ ዝሓሸን ብሉጽ ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም ውልቀሰባትን ምቹእ ኩነታት ስራሕን ኣከቢን ይጠልቡ። ኣምሳያ'ዚ ስራሕን ሕብረተሰብን ጋግ እናፈጠረ ይኸይድ ኣሎ። ስለዚ ዝምድና ስራሕን ሕብረተሰብን ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዘኑ ክጽገንን ክልወጥን ናይ ስራሕ ልምዲን ጽልዋኡን ክፍተሽ ከም'ኡ'ውን ህላወ ድኽነት ኣብ ስራሕ ንምውጋድ ወይ ንምጉዳል ጻዕርታት ምኻያድ እዋኑ ዝጠለቦ ኣገዳሲ ጉዳይ'ዩ።

ዝምድና ስራሕን ሕብረተሰብ ኤርትራን መሰረት ቀጻሊ ህላዌኦምን ሓድነቶምን ብምዃኑ፣ ኣዝዩ ድልዱል ተባሂሉ እንተተገልጸ ምግናን ኣይኮነን። ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ንምድልዳል ድማ ዝያዳ ይጽዓት ኣሎ። ዜጋታት ከም ክእለቶምን ሞያኦምን መረጽም ክኣትው ዘኽእሎም ዝተፈላለየ ርቡሕ ስራሓት ይፍጠሩ ኣለዉ። ስራሕ ኣብ መትከል ርእሰ ምርኮሳ እናተሰረተ ግብራውነቱ ይረጋገጽ ኣሎ። ርእሰ ምርኮሳ እምኒ ኩርናዕ ቁጠባውን ልምዓታውን እስትራተጂ ወይ ሜላ ሃገርና እዩ። ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝፈጥሮ እወታዊ ዝምድና፣ ኣብ ምውጋድ ኣድልዎ ዘለዎ ተራን ኣብ ውሕስነትን ድሕንነትን ዜጋታት ዘለዎ ኣዕጋቢ ወጽኢታትን ካልእን ዘተዓብዐ ምኻኑ ሕቶ ዘየድልዮ መልሲ'ዩ።

ዓለምና ትኽተሎም ዘላ ፖሊሲታት፣ እቲ ዝደለ ናይ ስራሕ ዕድላት ንምፍጣር ሓገዝቲ ኣይኮኑን። ቀወምትን ቀጸልትን ስርሓት ኣድላይነቶምን ኣገዳስነቶምን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ይጎድል ኣሎ። ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ሓደ ካብቶም ንቕዋምነት ሽቕለት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ዘሎ'ዩ። ስለዚ፣ ንቐወምቲ ስርሓት ዝእንፍቱ ፖሊሲታትን ትግባረታትን ምንዳፍን ምፍጻምን እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፣ ንዘይተወሰነ እዋን ውሑስ ስራሕ ምእታው፣ እዋኑ ዝሓለፎ ውዳበ ስራሕ ምኻኑ ክሕበር ጸኒሑ፣ ከም ሳዕቤኑ ቀጥታዊ ዝምድና ኣሰራሕን ስራሕተኛን ብኣሉታ እናተጸለወ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ መንጎ ኣሰራሕን ስራሕተኛን ክህልው ዝኽእል ሽቕለታዊ ርክባት ግዚያዊ፣ ዘይንጸሩን ዝተበታተኸን ዝምድና ኮይኑ ይተርፍ ኣሎ። ስራሕን ውዳበን ድማ ኣይከም ቅድሚ ሕጂ፣ ዓቢ ሃጓፍ ወይ ጋግ ተፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ዘሎታ ተወሰኸቱ ከምዝበሃል፣ ውዕላት ስራሕ ብመርበብ ሓበሬታ ይፍጸሙ ስለዘለዉ፣ እቲ ውዳበ ስራሕ ዝያዳ ዘይንጹርን ዝተሓላለኸን ይጉበር ኣሎ። ስለዚ፣ ዝም ዝተኸሰቱ ተርእዮታትን ሰናርዮታትን ብንጹር ኣውዲድካ ስራሕን ማእቶትን ዝምዕብሉ ፖሊሲታት ብምትእትታው ክፍወሱ ስለዘኽእሉ፣ ብዕቱብ ክሰርሓሉም ከምዘለዎ ምርዱእ ኣገዳሲ እዩ። ዋላ'ኳ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ውዳበ ስራሕን ማእቶትን ሰፊሕ ጋግ እንተሃለወ፣ ብኣንጻሩ ቀዋምነት ውዕላት ስራሕ ዘድልየሉ ኩነታት ድማ እናተፈጠረ ይመጽእ ኣሎ። ኣስራሕቲ ዓይነታዊ ወጽኢት ስራሕን ተወዳደርቲ ንምኻን፣ ኣዝዮም ፍሉይ ክእለት ዝለዎም ስራሕተኛታት ንዊሕ ግዜን ብፍሉይን ክሕዝዎም ይግደዱ ኣለዉ። ኣብዚ ተግባር'ዚ ጥራይ ከይተሓጽሩ ውሑስ ስራሕን ምቹእ ኩነታት ስራሕን ኣከቢን ንኽፈጥሩ ኩሉ ዓይነታት ስጉምትታት ይወስዱ ኣለዉ።

ስለዚ፣ ውሑስ ስራሕ ንምርግጋጽ፣ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድኽነት ዝኾነ ሽቕለት ኣልቦነት ብምውጋድ፣ ኩሉ ንጡፍ ዓያዪ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ርቡሕ፣ ኣዕጋቢን ውሑስን ስራሕ ከምዝዋፈር ምግባር የድሊ። ብዘወሳኺ፣ ውሑስ ስራሕ ከም ቀንዲ መሰረት ወይ ቀላሲ መንገዲ ንምዕሩይ፣ ርሑብን ዘላቒ ዕብየትን ከም ምኻኑ መጠን፣ ድሕንነትን ጥዕናን ስራሕተኛታት ተዋሒሱ፣ መሰረታውያን መሰላት ስራሕ ተኸቢሩ ማሕበራዊ ውሕስነት ክረጋገጽ ክኽእል ኣለዎ።



**ብንያም ኣሕፈሮም ኣዝዱ ሞያዊ**
**ድሕነትን ጥዕናን**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ሻሙናይ ክፋል

# ሕጊ ልቦና

**"ትዕቢት ኣምላኽታት ይገብረና። ምቕሉልነት ግና ከውሕታውያን ይገብረና።" - ቶማስ መርቶን**

**"ምቕሉልነት ማለት ንሓይልኻ ምኽሓድ ኣይኮነን። ምቕሉልነት ብዛዕባ ድኽምካ ቅኑዕ ምዃን እዩ።" - ሪክ ዋረን**

ሓደ ኮኾብ ተዋሳኣይ ፊልም፡ ናብ ሓደ መዘናግዒ ማእከል ተታዕዚ ኣተዩ፡ "ኣነ ህቡብ ሰብ ምዃነይ ከላትኩም ትፈልጡ ኢኹም።" ብዓውታ ዓድኽድኽ ምባል ጀሚሩ። እቶም ኣብቲ መዘናግዒ ማእከል ዝነበሩ ሰባት፡ ምሕር ደንጸዩዎም - ኣፎም ከፊቶም ተረፎም።

ይዋኣዩ እቲ ኮኾብ ተዋሳኣይ፡ ኣብቶም ፈጺሙ ክቑጸሩም ዘይክእል ግዳማውያን ረቛሒታት እዩ ምሉእ ብምሉእ ተመርኲሱ ዘሎ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሱ ካብቶም ዘፍቅርዎ ኣድነቕቲ ወጻኢ ዋላ ሓደ ከም ዘይኮኑ ከቶ ኣይተሰቑርን። እቲ ዝበለጸ መንገዲ ህቡብነት፡ ምቕሉልነት ምዃኑ ኣይተረድኦን።

ንገለ ሰባት ህቡብነትን ምቕሉልነትን ከቶ መራኸቢ ዘለወን ኣይመስሎምን እዩ። ገለ ሰባት ንምቕሉል ሰብ ከም ድኹም፡ ትሑት፡ ፈራሒ፡ ሓንካሲ፡ ሓናኺ፡ ዕቡጥ፡ ... ገይሮም ዝቖጽርዎ ኣለዉ።

ምቕሉልነት ግና ከምኡ ኣይኮነን። ምቕሉልነት - ምስ ስምዒት ተናዓቕነት ወይ ሕጽረት ርእሰ ክብሪ ዋላ ሓንቲ ዘተኣሳስር የብሉን። ምቕሉልነት ማለት፡ "ኣብ ከውንነት ምንባር እዩ። እወ ብዘይካ ንቑሩዕ ነገር ምስራሕ፡ ኣብ ካልእ ዘየድልየካ ጉዳይ ቀልብኻ ዘይምባል እዩ።"

ምቕሉል ሰብ ወትሩ ኣብ እለሻ ሓቂ ምስ ተጸምደ እዩ። ርእሰ ክብሩ ብኻልኦት ሰባት ንኽረጋገጸሉ ምሕር ስለ ዘይጭነቕ ከኣ፡ ሰባት ይፍተውሉ ኣይፍተውሉ ብዘየገድስ፡ ነቲ ዘኣምነሉ ቅኑዕ ጉዳይ ይመርጽ።

ብመንጽሩ እቲ ትዕቢተኛ ሰብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ኣነቱ ወይ ገንዘቡ እዩ ዝገድሶ። ክንዲ ዝኾኑ ዋላ እኳ ሕወሰን ምጩውን እንተ መሰሉ፡ ንሱ ናይ ብሓቂ ንብረት ንስሱዕ ሽውሃቱ ንምምላእ እዩ ዝጥምዝዞም።

- "ትዕቢት" = ኣነ ጥራይ እየ ዝያዳ ዘገድሰኒ።
- "ምቕሉልነት" = እቲ ካብዩ ዝዓቢ እዩ ዝያዳ ዘገድሰኒ።

ትዕቢተኛ ሰብ ዋላ እኳ ብዮጉዕም ክትርእዮ እንከለኻ ጥዑም ዝመስል እንተኾኑ፡ ንሱ ንሓቀኛ ገዛእ ርእሱ ንምኽዋል ዘይገብሮ ጻዕሪ ከም ዘለዎ ክንግንዘቦ ይግባእ። እንተ ሓሰብናዮ'ኳ ንሱ ብኸመይ ብዓዲ ካልኦት ሰባት ደርኡ ምሕር እናተጨነቐ እንከሎ፡ ከመይ ገይሩ ገዛእ ርእሱ ክመስል ይኽእል?

ምቕሉልነት ናጽነት እዩ። ብዛዕባ ሓቂ ጥራይ ክትግደስ እንከለኻን ኣብ ሓቂ ክትነብር እንከለኻ፡ ካብኡ ብንጹህ መገድን ብዘይተዓቕጦን ገዛእ ርእስኻ ንምግላጽ ናጻ ትኸውን። ባህርያዊ ጸጋዎኻ ብእኡ ኣቢሉ ብዙሕ ይኹሓሉ። እዚ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ግርማ-ሞገስ (charisma) ክብሃል ዝከኣል።

ምቕሉላት ሰባት ምሉእ ርእሰ ተኣማንነት እዮ ዘለዎም። ኣብ ጉጅለም እምብዛ ፍትሓውያን እዮም። ንሳቶም ብዘኸሉሆን ዘይኮሉሆን ብምምራር ንገዛእ ርእሶም ከዕንወ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን። ክንዲ ዝኾኑ ወዓሎም ሓሳርም እቲ ዝዮጉበኦም ክብሪ ከይረኽቡ ከቶ ኣይተርፉን እዮም።

ብኸዕሚ ዝኣመሰለ ሓቀኛ ርእሰ ተኣማንነት ተቐጢቱ እቲ ምቕሉል ሰብ ክጸዮ ተራን ዘይመሳጥዮን ነገር ሰጊሩ፡ ነዚ ዓለም ቀሲኑ ክነብራ ኣይጸግሞን እዩ። ንዘኸሉ ዝዘንዐ ጸርፊ ክምልስ ክቡር ግዜኡ ከቶ ኣየጥፍኦን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ልዕሊ ምጉት ክሓክር ዝኸሉ ይኸውን ጸገም የብሉን።

ምቕሉል ሰብ ግቡእ ቦታኡ ኣማእዚኑ ይፈልጥ እዩ። መዓስ እዚ ጥራይ? ካልኦት ሰባት ግቡእ ቦታኦም ንኽፈልጡ ንምሕጋዝ ዓይኑ ኣይረሓሰን እዩ። ንኣብነት፡



ወከፍ ዝረኸቦ ሰብ፡ ዝያዳ ኣገዳሲ ኮይኑ ንኽስምዖ ይደርኽ። እቲ ምንታይሲ፡ ምቕሉል ሰብ፡ ካልኦት ሰባት ጸብለል ኢሎም ክወጽኡ እንከለዉ፡ ዝኾኑ ይኹን ስምዒት ቅንኢ ይኹን ቅልውላው ኣሉት ኣየጥቅዖን እዩ።

ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎ ሰብ ኣንጊዳኻ ይፈልጥዶ ይኾውን? ልክዕ ከም ካላሚታ ንሓጺን ዝስሕብ ገይሩ እዩ ዝጠብቐካ፡ ከምዚ ዓይነት ግርማ ሞገስ ክህልወካ ምደለኻዶ ትኾውን?

ምቕሉልና ኣብ ምእላሽ ሓቂ ኣቓዲሙ ስለ ዝጸምት፡ ነቲ ትርጉም መሰረታዊ ሰብኣዊ ድልየት ጸቡቕ ገይሩ እዩ ዝመልኦ።

ገለ ሰባት ንትርጉም ህይወት ክእልሹ እንከለዉ የጋጥመና እዩም። ዳርጋ ዝጠዘለ ሰብ ንጽገም፡ ንድኻ፡ ንዘጠመየ ከምኡ እውን ንቤት-ኣልቦ ክሕግዝ ይደሊ እዩ። ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰባት ድማ ንኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት እተዋፈሩ ሰባት ማለት ኣብ ጥዕና፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ... ክሕግዙ ይመርጹ። ገዚኡ ምኹማር ንብዩ፡ ኣብ ህይወትካ ከቶ ከቕስኻ ከም ዘይክእል ዝዮገዝኡ ሓደት ሰባት ኣይኮኑን።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ገሌና ንህይወትና ኣብ ቀንጠመንጢ ጉዳያት ኢና እነሕልፍ። ኣብ እኽንደም ጉዕዙታት፡ ኣብ እንኣተፎም ኣኼባታት፡ ኣብ እንጽሕፎም ደብዳባታት፡ ... ኣብ ትርጉም ህይወት ዘለና ንጹረ ምሉእ ከም ዘይኮነ ኢና ዓልና እንፍዕጽ።

እቲ ሓደ መንገዲ ኣደህቦ እንገብረሉ፡ "ስለምንታይ እየ ዝነብር ዘለኹ? ኣነ ንኽበልዕ ደየ ዝነብር ዘለኹ፡ ዋላስ ንኽነብር እየ ዝበልዕ ዘለኹ? ንኽነብር ደየ ዝሰርሕ ዘለኹ፡ ዋላስ ንኽሰርሕ እየ ዝነብር ዘለኹ?" ኢልና ንገዛእ ርእስና ምሕታት እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝበን ሕቶታት ንገዛእ ርእስኻ ብትኣብዮት ከተቕርቦ ኣሎካ፡ እዚ ንስራሕካ፡ ዝምድናታትካ ከምኡ እውን ንኹሉም ሽቶታትካ ዝያዳ እናኣዕረልካ ክመጽእ እዩ።

እሞኸ ደኣ፡ ንምንታይ ኢኻ ትነብር ዘለኻ? ሃዩ ገለ ምርምር እምበር ግበር። 'ሽቶ ህይወትካ' ናይ ብሓቂ ትርጉም ዘለዎ እንተ ደኣ ኾይኑ ኣዕሚቕካ ኣስተብህለሉ። ወይ ካልእ ረቂቕ ስምዒት ከይከውን ብጥንቃቐ ኣቕልበሉ።

"ኣብ ህይወት ናይ ብሓቂ ንጹር ዕላማ ዝብሃል የለን።" ዝብል ድምጺ ብውሽጥኻ እንተ ደኣ ተሰሚዑካ፡ ቅድሚ ሰቕ ኢልካ ምጉሳምካ፡ ሓቂ ብዛዕባ ምዃኑን ዘይምዃኑን ሃዲእካ ኣረጋግጽ። ቀልጢፍካ ተሰፋ ክትቁርጽ የብልካን። ሰቕ ኢልካ ብህይወት ክትቃጫጭ የብልካን። እቲ ምንታይሲ፡ ንትርጉም ህይወት ዕሽሽ ኢልካ ምሕላፍ ከቢድ ዋጋ እዩ ዘኽፍለካ። ትርጉም ህይወት እኮ ከም መግዘቢን ማይን ንህይወት ኣመና ኣገዳሲ እዩ።

ቅኑዕ ነገር ምስራሕ መብዛሕትኡ ግዜ ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሕና ኩሉ ሻብ ንቕኑዕ ነገር ምስራሕ፡ ከም ዓቢ ምንጪ ባህታ ዝምጥው ገይርና ኣይንቖርጾን ኢና።

ብዙሓቱ እንተ ደኣ ሓሲብካ፡ ካብኡ ዝዓቢ ባህታ ከም ዘለ ክትግንዘብ ኢኻ። ብርግጽ ንዋታዊ ባህታ ኣድላዩን ጸቡቕን እዩ። የግዳስ ምስ እቲ ዝለዓለ ባህታ ፍቕርን ትርጉምን ክወዳደር ኣይክእልን እዩ።

ንሓደ ካብ ደቕካ ብሓደ ሚልየን ዶላር ክትሳወጦ እንከለኻ እሰከ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ። ነቲ ዝቐረበልካ ጠለብ ምስ ነጸግካዮ፡ ወላዲኻ ክሳብ ክንደይ ክብሪ ከም ዘለዎ ዝያዳ እዩ ዝስቁረካ። ወላዲኻ ክቡር ምዃኑ እኮ ኣቐዲምካ እውን ትፈልጥ ኢኻ። ድሕሪ ንሓደ ሚልየን ዶላር ምንጻግካ ግና እቲ ኽብሪ ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ዝያዳ ብጭውንኻታዊ መንገዲ እዩ ዝነጽረልካ።

ብተመሳሳሊ፡ ንእሰታት ሓደ ሽሕ ህጻናት ክትቀትልዶ ይሕሸካ ዋላስ ንሽኻ ክትቀተል ዝብል ኣዋጣሪ ሕቶ እንተ ዝቐርበልካ፡ እንታይ ኢልካ ኹን ምመለስካ ነይርካ ትኸውን?

ዋላ እኳ እቲ ተርእዮ ወይ ሰናርዮ ክልተ ዝተረሓሓቑ ጫፍ እንተኾኑ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ሓደ ዓሚቕ ነገር ዘሎ እዩ። ቅኑዕ ነገር ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ገለ ሰባት ክሳብ ህይወቶም ኣሕሊፎም ይህብሉ እዮም።

ሕጂ ኸኣ ስጉምቲ ዝያዳ እሰከ ንምጠጥ። ቅኑዕ ሰብ ንምዃን ህይወትካ ክትከፍል ፍቓደኛ እንተ ደኣ ኾይንካ፡ ኣብ ህይወት ካብ ቅኑዕ ምዃን ንላዕሊ ዝበርኽ ሽቶ የለን ማለት እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዳርጋ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንጉዳዩ ክብል ክመውት ፍቓደኛ ይኸውን ኣሎ። ንስለ ዓለማዊ ሰላም፡ ንስለ ምዕቃብ ዓሳ ነባሪ ... ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንገለ ነገር ይወፊ እዩ። እቲ እንኮ ሕቶ ዝተርፍ እምበኣር፡ "ናትካ ጉዳይ እንታይ እዩ?" ዝብል እዩ።

ሃዲእካ ነፍ እሰከ በሉ። ስለምንታይ ኑ ጉዳየይ እትብሎ ክትሞተሉ ድሉው ምዃንካ ሕሰበሉ። ንገለ ካብ ማእታት ወይ ወደታት (eulogies) ተገዲሰካ ኣንብብ። ጸቡቕ ዓቕን ምቕሉልነት ክትረኽበሉም ኢኻ። ትርጉም ህይወት ብዝዮጎእ ንኽትርዳእ ክሕግዙኻ እዮም። ናይ ገዛእ ርእስኻ ዓምደ-ሙታን (obituary) ክትጽሕፍ ፈትን። ብምንታይ ኢኻ ክትዝከር እትደሊ? እዚ ሽቶኻን ኣመለኻኸታኻን ዝያዳ ንኽተሓጽር ኣጸቢቑ ክጠቕመካ እዩ።

ሓንሳእ ህይወትካ ክትሰውኣሉ ድሉው እትኾነሉ ትርጉም ዘለዎ ጉዳይ ምስ ረኺብካ፡ ካብኡ ኑ ዝያዳ ኣገዳሲ ሕቶ ድሉው ዝኾነ መልሲ ይህልወካ - "ስለምንታይ እየ ዝነብር ዘለኹ?"

ብርግጽ ንስለ እቲ ጉዳይ ኢልካ ምስ እትነብር፡ ቅድሚኡ ርኢኻዮ ዘይትፈልጦ ሓይሊ፡ ዕላማን ባህታን ይህልወካ።

ሕጂ ኸኣ ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ንምትግባር ጸፋፍ ወጥን ኣውጽእ። ቀስ ኢልካ ጀምር። ኣብ ሓደ ግዜ ሓንቲ ንእሽቶ ስጉምቲ ጥራይ ወሰድ። ብዙሕ ጻዕቂ ኣየድልን እዩ። ኣዒንትኻ ኣብ ሽቶኻ ትኸለን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ድማ ንኸሳኸቦ ግዘፍ።

ምስ እቲ ቐንዲ ዕላማኻ ምርኻብ እቲ ዝዓበየ ፕሮጀክት እዩ። የግዳስ ካብ ንግዜኻን ጸዓትካን ብዝበለጸ ኣገባብ ምጥቃም ንላዕሊ ካልእ ኣማራጺ የለን።

ኣብዚ ግዜ እዚ እንታይ ዓይነት ብድሆ እዩ ዘለካ?

"ኑ ቕኑዕ ነገር ምስራሕ" እቲ ዝዓበየ ደረጃ እዩ። የግዳስ ካብኡ ዝልዕል ደረጃ ከም ዘሎ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ንሽኻ እውን ቅኑዕ ነገር ንቕኑዕ ምኽንያት ክትሰርሕ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ "ቅኑዕ ነገር ክሰርሕ ኣሎና።" እኮ ኢና ንብሃል ዘለና።

ንስለ ስሱዕ ምኽንያት ኢልካ ቅኑዕ ነገር እንተ ሰሪሕካ – ንኣብነት ብዛዕባ ዓወትካ ንኽትምኣሕ ኢልካ ጸቡቕ ነገር እንተ ሰሪሕካ – ኣብ መወዳእታ ንገዛእ ርእስኻ ምሕር ኢኻ እትሃስዮ።

ሓደ መምህር ብጽኑዕ ሓሚሙ መዓልቲ ሞቱ እናተጸበየ እንከሎ ኣጸዋቲ ይጸሊ ነይሩ። ተመሃሮኡ ኣብ ከባቢ ዓራቱ ዓሲሎም፡ ዓይኒ ዓይኑ ይጥምቱዎ ነይሮም። ሓደ ካብቶም ተመሃሮ፡ "ኣብዚ ህሞት እዚ እንታይ ትሓስብ ኣለኻ?" ደኒኑ ሕቶ ኣውሪዱሉ።

እቲ መምህር ገዛእ ርእሱ ከረጋግእ እናጸዓረ፡ "ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ንእሽቶ ድምጺ፡ 'ምእንቲ ተመሃሮኻ ክምስጡ፡ ብልዑል ጻዕቂ ጸሎት ኣዕርግ' ይብለኒ ኣሎ።" ክብል መለሰሉ። ዋላ ኣብ ኣፈፌት ሞት እንከሎ ወዮ ዓቢ መምህር ምስ ኣነቱ ይቃለስ እዩ ነይሩ።

እቲ ናይ ብሓቂ ግርማ ሞገስ ንገዛእ ርእስና ካብ ግዕግዒ ናእዳ ሓራ ምስ እንገብራ እዩ ዝመጽእ። ምእንቲ እዚ፡ ንቕኑዕ ምኽንያት ክትብል ኢኻ ቅኑዕ ነገር ክትሰርሕ ዘሎካ። ዋላ ሳዕቤኑ ብዘየገድስ፡ ኣብ ህይወትካ ቅኑዕ ነገር ጥራይ ክትሰርሕ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ስምዒት ንሱ ስለ ዝኾነ።

ገዛእ ርእስና ንልቦና ክፍትተ ንኽንትከውን ምቕሉልነት ተጠቐም። ብዘይምቕሉልነት ንልቦና ክንሰምዓ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ምንታይሲ፡ ምቕሉላት እንተ ደኣ ዘይኴንና፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ባዕላዊ ከውንነት ጥሒልና ኢና እንነብር። ለዋሃት ከም ዝበልዎ፡ ውሽጥና ክፉት እንተ ዘይከይኑ፡ ካልእስ ይትረፍ ንፈጣሪና እውን ክንቕበል ኣይንኽእልን ኢና።

ዝያዳ ውድዓውነት እንረኽበሉ ሓደ መንገዲ፡ ንምኽሪ ለባማት ሰባት ምስማዕ እዩ። ምስ ለባማት ሰባት ምስ እንጽጋዕን ንመጽሓፍቲ ለባማት ሰባት ምስ እነንብብን፡ ህሉው ኩነታትና በርሂሉ ኣሉ ክረኣየና ኣየጸግመናን እዩ።

ኣብዚ እቲ ከም ቀንዲ ቀዋሚ ክጥቀስ ዝኽእል - ክንዮ ካልኦት ሰባት ክንእዱኻ ምጽባይ ዝያዳ ብዘሰነርካዮ መጠን ከምኡ እውን ዝያዳ ንስምዒት ርእሰ ክብርኻ ብዘሰነኻዮ መጠን - ዝያዳ ግርማ ሞገስ እዩ ዝጻሰለካ። እዚ ማለት ከኣ ዝኾኑ ሰብ ክምንጥለካ ዘይክእል ጸጋ እዩ።

ስለምንታይ እዩ 'ምቕሉልነት' መንገዲ ልቦና ዝኾነ?

- ምቕሉልነት - ሓቅን ውድዓውነትን የመንጩ።
- ምቕሉልነት ናጽነት እዩ። ውልቀ-መንነትካ ንገዛእ ርእሱ ብስሩዕ (organic)፡ ብውሽጢ ዝመንጨወ ከምኡ እውን ብዝያዳ ከውንነታዊ መንገዲ ይገልጽ።
- ምቕሉልነት ባህታ እዩ። ትዕቢት ቃንዛ እዩ።
- ምቕሉልነት ካልኦት ጥዑማት ሰባት ከም ዝጸልኡኻ ይገብር።
- ምቕሉልነት ምስ ፈጣሪኻ ንዘለካ ዝምድና ዝያዳ የዕምቖ።
- ንኽትሞተሉ ፍቓደኛ እትኾነሉ ጉዳይ ክሳብ ዘይረኸብካ፡ ዛጊት ምንባር ኣይጀመርካን ኣለኻ።

**"እቲ ዝዓበየ መሓዛ ሓቂ ግዜ እዩ። እቲ ዝዓበየ ጸላኢኡ፡ ቅድመ ፍርዲ እዩ። ቀዋሚ መጎንዩቲ ድማ ምቕሉልነት እዩ።" - ቻርለስ ኮልተን**

**"ምቕሉልነት ማለት ትዕቢት ኣቁሪጽካ ክብርኻ ምዕቃብ እዩ።" - ቫና ቦንታ**

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ሚሎዲ ተማስገን መሓሪ ምግል ተሪፉ ሚሎዲ ተማስገን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ሆሳእና ተማስገን መሓሪ ምግል ተሪፉ ሆሳእና ተማስገን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ሳዶር ተማስገን መሓሪ ምግል ተሪፉ ሳዶር ተማስገን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ፊሸን ተኽለሰንበት ከሰተ ምግል ተሪፉ ፊሸን ተኽለሰንበት ሃብታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.35 ይቕረብ።

ሰሰን ናትናኤል ወልደሰላሴ ምግል ተሪፉ ሰሰና ናትናኤል ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/2024 ኣብ 1ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ዊንታ ገብረማርያም ብዙሄ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ኪዳኑ ንምግዚት ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/24 ኣብ 1ይ መጋቢያ ቁ. 32 ቤ/ፍ ቕረብ።

ሱሌማን መሓመድ ረዳእ ምግል ተሪፉ ሱሌማን መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ 1ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ተጸዋዕቲ 1. ውዛሽ ተኽለ 2. ዘሙይ ተኽለ ኣመልካቲት ትዕበ ተኽሉ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ኣቕሪባትልኩም ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.32 ቕረቡ።።

ግርማይ ተኽለ ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ለተሚካኤል ተሰፋእንደርያስ ምግል ተሪፉ ለተሚካኤል ገብረእንደርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ።

በትኣል ኣኽሊሉ ተኽለ ምግል ተሪፉ በትኣል ኣኽሊሉ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ።

በትኣል ተሰፋኣለም ምግል ተሪፉ ቤተልሄም ተሰፋኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኮኾብ ተስፉ ተካ ምግል ተሪፉ ኮኾብ ተስፉ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ቁ.37 ይቕረብ። ት/ዕድመ ብወለዱ ዓንደሃዋርያት ሃማርያምን ኣብርሀት ወልደማርያም ተሰፋይን፡ ኣማኑኤል ወልዱ ዓንደሃዋርያ ምግል ተሪፉ ማኑኤል ወልዱ ዓንደሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኪብሮን ካሕሳይ ተሰፋየውሃንስ፡ ብመንገዲ ወለዱ ኣበሉ፡ ስም ኣደይ መኣዛ መንግስተኣብ ምግል ተሪፉ ሳባ ኣብርሃለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገ ወልዳይ ኣብርሃም ምግል ተሪፉ ጸገ ወልዳይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ርግኣት ገብሩ ኣለሙ፡ ኣደይ ኣብርሀት እምባዩ ሃብተማርያም ስለዝዋረትፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃና ኪዳነ ዑቕባሚካኤል፡ ኣደይ ኣወጣሽ ገብረሰላሴ ፍስሓጹን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ኪዳነ ሃይሉ፡ በዓል ቤተይ ግርማይ መተከን ካሳ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲ ኣቶ ስረጅ መሓመድ ዓሊ ጃስር፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓመድ ሓሰስ ዓብደልወሃብ፡ ግምት ክሲ 75,000 (ሰብዓን ሓምሽተን ሽሕ ናቕፋ) ጥረ ገንዘብ ለቓሕ ከምዝሃብኩም፡ ብስም ተለቃሒ ኒሳን ዝዓይነታ መኪና ቁጽሊዳ ኣር-1-13707 ቁ ቻሲ WG 460-356289 ብዕለት 10/9/2008 ዝኡበረለይ ውዕል ስለዘይፈጸመ’ሞ ኣድራሻኡ ከኣ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ውዕል ክፍጽመለይ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ኣብዘየለኻሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ሃብተ ከርስ፡ ኣቦይ ከርስ ኪዳነ ደስታ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ በለዛ

ወ/ሮ ኀዕዳድ ግርማይ ገብረየሱስ፡ በዓል ቤተይ ኤፍሬም መንዝአል ገብረመድህን ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ትብለጽ ሃይለ በየነ፡ በዓል-ቤተይ የውሃንስ ኪዳነ ገብረሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/2024 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሎት

ወ/ሮ ለተሚካኤል ገብረንገስ ተሰፋጋብር፡ በዓል ቤተይ ኣስራት ኣረጋይ ገብረማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ወ/ሮ ሓረጉ ሃንስ ንገሱ፡ በዓል ቤተይ በርሄ ኣርኣያ ደባስ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ኣመተ ንገሰ ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ኣስመሮም ኣብርሃ፡ ንምግዚት ናይ ወድኻ ዶታን ኣማኑኤል ኣስመሮም ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ ን8/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሰፉሮ መሓመድ ዓሊ ዑመርን ተኸሳሲ ኣቶ ዓብዱ መሓመድ ዑመር ዘሎ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ኣብ ዞ/ደ/ን/ሶ/ሰገነይቲ ዝርከብ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኣብዘየለወሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሰም ተሰፋገርግሽ ክፍለጼን ምግል ተሪፉ ሰም ተስፉ ክፍለጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍለማርያም ኪዳኑ፡ ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ደሊና ክፍለማርያም ኪዳነ ምግል ተሪፉ ሳራ ክፍለማርያም ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረት ዘለቀ መንግስቱ ምግል ተሪፉ ምሕረት ወልደገብርኤል ስብሓት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ፊሩዝ ቴድሮስ ተስፉ ምግል ተሪፉ ሰልቫና ቴድሮስ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሰርም ኣብራሃም ገብረሚካኤል ምግል ተሪፉ ናትናኤል ኣብራሃም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣስገዶም ገብረሰላሴ ተኽለን ተኸሳሲ ኣቶ ኢብራሂም ሓጂ መሓመድን ብዛዕባ ናይ ውዕል መሸጣ ገዛ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኣብዘየለወሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳምባ ምጭ

ወ/ሮ ምሕረት ተስፉ ገብረትንሳኤ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ነቢ ፍስሃ ደብሳይ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ኣብ ቀዋምን ዝንቀሳቐስን ንብረት ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/01/2024 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድቢ

ገብረዝጊኣብሄር ስልጣን ተመልሱ፡ ኣቦይ ስልጣን ተመልሶን ኣደይ ሓዳስ ኣብዲ ገብረማርያምን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ደንጉር

ኑብያት ተሰፋይ ካሕሳይ፡ በዓል ቤተይ ርእሶም ወልደሰላሴ ስለዝተሰውኡ፡ ምስ 5 ደቁ ወራሲቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገፀሽ ኣብርሃ ካሕሱ ምግል ተሪፉ ገፀሽ መተከን ወልዳይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ደማ ግደይ ተስፉ ጋእዝ ምግል ተሪፉ ኣብርሃት ኣብርሃ ካሕሱ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጎይትኦም ኣብርሃ ካሕሱ ምግል ተሪፉ ጎይትኦም መተከን ወልዳይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ደማ ግደይ ተስፉ ጋእዝ ምግል ተሪፉ ኣብርሃት ኣብርሃ ካሕሱ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረብርሃን ሃይለ ገብሩ ምግል ተሪፉ ገብረብርሃን ሃይለ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰሞሞ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ውዳሰ ክንፈ ትርፌ፡ በዓል-ቤተይ ቀሺ ወልደገብርኤል በየነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ዑቕባይ ገብረኪዳን፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሲዒድ ሳልሕ ኣሕመድ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ በርህ ገብረሚካኤል፡ ጓለይ የርሳለም ተሰፋይ በርህ ስለዝተሰወኣት፡ ወላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብላ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ጎርዞ

ወ/ሮ ኣብርሄት ወልደጋብር ኣስፍሃ፡ በዓል-ቤተይ ተጋ. ገዚኢ. ጎይቶም ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወይ፡ 3 ደቁ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ጊዳንዕ

ዑመር ዕስማን ኣብብከር፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ማርያም ዑስማን ኣብብከር ምግል ተሪፉ መርየም ዕስማን ኣብብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በኺት ሑሴን ሓምድ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ መሓመድ ዑስማን ስዒድ ምግል ተሪፉ መሓመድዑስማን መሓመድስዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሰይዳ መሓመድ ዓብደላ ምግል ተሪፉ ሰይዳ መሓመድ ዑጥባን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤርትራ ገብረብርሃን ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ሳሙኤል ጎይትኦም ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲት መኣዛ ዑቕባሚካኤል ገብረኣምላኽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግደ ገብርሂወት ፍስሓጽዮን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ወ/ሚካኤል ተኽለዝጊ፡ ኣብ 2007 ካብ ኣቶ ዑመር መሓመድ ባብሽብሽ መኪና ኣይሱዚ ቁ/ሰሌዳ ER-1-06762 ሞዴል 1988 ሞተር 546104 ቻሲ 17FR7100189 ዝዀነት ኮይና፡ ናብ ስመይ ክየመሓላለፈይ ኣድራሻ ስለዘይተፈልጠ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ውድድር ኣትለቲክስ ጉያ መሮር ዞባ ማእከል ተኻይዱ

### ሓምላይ ኣትለቲክስ ክለብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ደሚቓ!

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት፡ ኣትሌታት ሃገርና ኣብ ጸዑቕ ልምምዳትን ውድድራትን ጉያ መሮር (Cross Country Championships) ተጸሚዶም እዮም ዘሕልፍዎ። ምኽንያቱ ፈላሚ ካላንደር ኣትሌቲክስ ዓለም በዚ በዓሊ ናይ በረኻ ውድድራት እዩ መጋረጃኡ ዝቐንጥጥ።

በዚ መሰረት፡ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ከም ኣካል ቅድመ ምድላው ንዝቐጽል ሃገራዊ ውድድራት፡ ሳዕለዎት ሓለፍቲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ወከልቲ ምምሕዳራትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብቐዳም 30 ታሕሳስ 2023 ኣብ ከባቢ መካኑጉት (ን/ዞባ ፓራዲዝ) ኣብ ተካእትን ፕሮፈሽናላትን ኣትሌታት ሓያል ስፖርታዊ ህልኽ ዝተንጸባረቐሉ ናይ መምዘኒ ብቕዓት ውድድራት ኣካይዱ። ወጽኢት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክሊ ዕድመን መወዳደሪ ርሕቀትን ዝተዓወቱ ኣትሌታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

24 ኣትሌታት ኣብ ዝተሰለፋሉ ናይ 5 ኪሎ ሜተር ውድድር ትሕቲ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ሚካል ጉብረሚካኤል ካብ ዙጋዝልስ (ኢ.ንሹራንስ)፡ ካልኣይቲ ቅሳነት ጉብረሚካኤል ካብ መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል፡ ሳልሰይቲ ድማ ራሄል ቢንያም ካብ ዙጋዝልስ (ኢ.ንሹራንስ) ብምኻን ተዓዊተን። ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ 6 ኪሎ ሜተር ደቂ-ተባዕትዮ 41 ኣትሌታት ክሰለፉ እንከለዉ፡ ቀዳማይ ሚልዮን ኣብርሃም ካብ ንኡስ ዞባ ኣቖርደት፡ ካልኣይ ቶማስ ሄይሰን ካብ መረብ ስቲት፡ ሳልሳይ ማርቆሳይ መሓሪ ካብ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ብምኻን ብቕደም ተኸተል መዛዘሚ ሕንጻጽ ረጊጾም።

ኣብ ውድድር ትሕቲ 20 ዓመት (ጁንየር) 6 ኪሎ ሜተር ደቂ-ኣንስትዮ



ቀዳመይቲ ርዛ ሳለ ካብ መረብ ስቲት፡ ካልኣይቲ ኣድያም ይሕደጉ ሳልሰይቲ ሰምሃር መኮንን ክልቲአን ካብ ኢ.ንሹራንስ ክዕወታ እንከለዋ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ውድድር 8 ኪ.ሜ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ቀዳማይ ኣማኑኤል በርሀ ካብ ሓምላይ ኣትለቲክስ ክለብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ዳብራ ናስርን ናትናኤል ሃብታይን ክልቲኦም ካብ ኣትለቲክስ ክለብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ተኸታቲሎም ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ረጊጾም።

ናይ 10 ኪሎ ሜተር ውድድር ልዕሊ ዕድመ (ሲንየር)፡ ዓበይቲ ፕሮፈሽናል ኣትሌታት ዝተሰለፋሉ ብምንባሩ ሓያል ተወዳዳርነት ዝተራእየሉ እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ካብ ደ/ኣንስትዮ ቀዳመይቲ ዘቢብ ወልደሚካኤል ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ኣስቴር ይጣቤን ንያት ተስፋይን ክልቲአን ካብ ኢ.ንሹራንስ ካልኣይትን ሳልሰይትን ብምኻን ውድድረን ዛዚመን። ኣብ ውድድር ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ፊሊሞን ክብሮምን ብርሃ ነጋሲን ክልቲኦም ካብ ሚ/ሕርሻ ቀዳማይን ካልኣይን ብምኻን ተኸታቲሎም ክዕወቱ እንከለዉ፡ ኮኾብ ጉብሩ ካብ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ መወዳእታ ዝተኻየደ ውድድር 2 ኪ.ሜ ሕወስዋስ ምቅብባል በትሪ ኮይኑ፡ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ቀዳመይቲ ፋጥማ ማሕሙድ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካልኣይቲ ማርያ ጉይትኦም ካብ ምምሕዳር ን/ዞባ ፓራዲዝ፡ ሳልሰይቲ ሚካል ዑቕባይ ካብ ኢ.ንሹራንስ ብምኻን ተዓዊተን። ኣብ ውድድር ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ዳዊት ሰዓረን ቴድሮስ መብራህቱን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀዳማይን ካልኣይን ብምኻን ክዕወቱ እንከለዉ፡ ሮቤል ኣማኑኤል ካብ መረብ ስቲት ከኣ ሳልሳይ ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ።

ኣቦተ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብወሀሉል ወጽኢት መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ከምኡ'ውን ኣትለቲክስ ክለብ ዙጋዝልስ (ኢ.ንሹራንስ) ኣብ ሳልሳይን ካልኣይን ደረጃ ክሰርዓ እንከለዋ፡ ሓምላይ ኣትለቲክስ ክለብ ሚ/ሕርሻ ድማ ብ4 ወርቂን 2 ብሩርን ንብሉል ክለባት ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ብምኻን ዓባይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መድብ፡ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣትሌታት ክንጽ ወሰጣዊ ውድድራት ብደረጃ ዓለም ተወዳደርቲ ኮይኖም ክቐርቡ ጻዕርታቶም ክበርኹ ብምዝኽኻር፡ ንኹሎም ስፖርታውያን 2024 ናይ ዓወት ዓመት ክትኮኖም ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ።

## ዋያን ሩኒ ካብ ስርሑ ተባሪሩ

ክለብ በርሚንግሃም ሰቲ፡ ንእንግሊዛዊ ኣሰልጣኒኣ ዋያን ሩኒ ካብ መዝነቱ ከም ዘብረረቶ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ናይታ ጋንታ ኣፍሊጡ። ናይ ቀደም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዋያን ሩኒ ካብ ዘየድም 15 ጸወታታት ክልተ ግዜ ጥራይ ክዕወት ብምኽኣሉ'ዩ ካብ መዝነቱ ዝኸሰግ ዘሎ። ኣብ ጋንታታት ሻምፕዮንሺፕ እንግሊዝ ሰሩዕ ውድድራት ተካይድ በርሚንግሃም፡ ሒዞቶ ካብ ዝነበረት ናይ ሻዱሻይ ተርታ ናብ መበል 20 ደረጃ ክትወርድ'ያ ተገዲዳ ዘላ። ዋያን ሩኒ ንጆን ኡስታች ተኪኡ መዝነት ምስልጣን በርሚንግሃም ድሕሪ ምቕባሉ፡ እታ ጋንታ ዝበሮ ጸወታ 3-1ብ0 ድሕሪ ምርታዑ'ዩ ስለስ ንግሆ ዝ ሕማቅ ዜና ሰሚዕም። ሩኒ ዝ ጋንታ ክርክብ ከሎ ኣብ ሻዱሻይ ተርታ'ያ ተሰሪዓ ነይራ። ኣብዚ እዋን ግን ኣብ ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ መበል 20 ደረጃ ክትቅመጥ ክኢላ ኣላ፡ ኣቐዲሙ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዝበረ ኡስታች ናብ በርሚንግሃም ናይ ምምላስ ድሌት ክህልዎ ከም ዝኽእል'ዩ ዝገልጽ ዘሎ። ይኹን'ምበር ኣቦሉት በርድ እታ ጋንታ፡ ዚ ሩኒ ንምቑጻር ብውርደት ዘፋነውዎ ኣሰልጣኒ ደጊሞም ክልምንዎ ከም ዝሕፍርዎ'ዮም ብዙሓት ወሃኒት ዘረድኡ። ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ኤውሮጳ ምንባሩ ዝኡመሉ ሩኒ ኣቐዲሙ ንደርቢ ዳሲ ዩናይትድን ከም ዘሰልጠነ ኣይርሳዕን። ኣብዚ እዋን ናብ ምስልጣን ብኸመይ መንገዲ ከም ዝምለስ ኣሻቓሊ ኮኑታት እዩ ኮይኑ ዘሎ። ብዙሓት ፈላጦት ኩዕሶ እግሪ ግን ሩኒ ግዜ ወሲዱ ናብ ስራሕ ክምለስ ይመኽርዎ ኣለው። ንሱ'ውን እንተኾነ ካብ መዝነቱ ምስ ተባረረ "ካብ ወዲ 16 ዓመት ከለኹ ጀሚረ ክሳብ



ከተመዛዝኖ ካብ ዝፀበኦ ዝበረ 45 ነጥቢ 10 ነጥቢ ጥራይ'ያ ወሲዳ፡ ሓሊፋ ጋንታ እንግሊዝ ዝበረ ሩኒ ዓመታዊ 1.5 ሚልዮን ፓውንድ እናተዋህቦ ክሰርሕ'ዩ ምስዛ ጋንታ ተሰማሚዑ ነይሩ። ንሱ ብሰሩይ ምኽሪ ምስ ሊደስ ኣብ ሕጂ ከም ፕሮፈሽናል ተጻዋታይን ኣሰልጣንን ኮይነ ሰሪሐ፡ ሕጂ ግን ንስድራቤተይ ግዜ ክህብ መሪጸ ኣለኹ፡ ዚ ዘጋጠመኒ ሰገረ ናብ ኩዕሶ እግሪ ክምለስ ግዜ ክወስድ ከም ዘኽእል ይርደኣኒ" ክብል'ዩ ተዛሪቡ ዘሎ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• ኣርሰናል ምስ ጃፓናዊ ተኸላኻሊኡ ዝርርብ ሓድሽ ውዕል ጀሚራ፡ እዚ ተጻዋታይ ኣብ ክረምቲ 2021 እዩ ካብ በሎኛ ናብ ኣርሰናል ብ17 ሚልዮን ፓውንድ ተሰጊሩ፡ ክሳብ ሕጂ ድማ 72 ግዜ ማልያ ጋርስ ወድዩ ተጻዊቱ ኣሎ። እዚ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ ዋላኳ ካብ ኢጣልያውያን ጋንታታት ጸውዒት ይመጽኦ እንተሃለወ ኣብ ኢምሬትስ ክጸንሕ ከም ዝደሊ'ዩም ቀረብቱ ዘረድኡ።



• ማንቸስተር ዩናይትድ ብመልክዕ ልቓሕ ኣሰጊራቶ ዝበረት ሰርጂዮ ረጊሎንን ናብ ቶተንሃም መሊሳቶ። ዩናይትድ ንታይለር ማላሲያን ለክ ሻውን ብምሳበርቲ ምስ ከሰረቶም'ያ ዚ ተጻዋታይ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ኣምጺኣቶ ነይራ። ይኹን'ምበር እዚ ስጳኛዊ ተኸላኻላይ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ 12 ግዜ ጥራይ'ዩ ናይ ምስላፍ ዕድል ረኺቡ።

• ማንቸስተር ዩናይትድ ንሓለዊ ልዳታ ኣንድሬ ኦናና ክሳብ 14 ጥሪ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ይገልጽ ኣሎ። ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን 15 ጥሪ ናይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ናይ ምድብ ቀዳማይ ጸወታ ደጸብያ እናሃለወት ኦናና ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክሳብ 14 ጥሪ ከም ዝጸንሕ ዝሕበር ዘሎ። ብመሰረት እቲ ዝፈረሰ ዘሎ ወረ፡ እቲ ሓላዊ ልዳት 14 ጥሪ ኣንጻር ቶተንሃም ድሕሪ ምጽዋቱ ናይ ሸውዓተ ሰዓት በረራ ኣካይዱ 15 ጥሪ ኣንጻር ጊኒ ክሰጥም'ዩ። ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን 23 ጥሪ እያ ናይ ምድብ ጸወታ ትውድእ። ክለባት ፕሪመር ሊግ ካብ 1 ጥሪ ጀሚረን ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ንዝስተፉ ተጻወትተን ክሰዳ ግዴታ ኣለወን። ዋንጫ ኣፍሪቃ 2024 ዝመጽእ 13 ጥሪ እዩ ኣብ ኣይቮሪኮስት መጋረጃኡ ክኸፍት።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኩዕሶ ሰከበት

ንዘኽሪ ነ/ሄር መምህር ፍቓዱ ጉብረስላሴ

ሰዓት 4:00 ድ/ቀ

ብደሆ ምስ ምምሕዳር 4 ኣስመራ

ሜላ ምስ ሓሬና

## ሻምፕዮን ባድሚንተን ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

ሻምፕዮን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት 31 ታሕሳስ 2023 ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ደንደን ጃምናዝዮም ብወዐወዐ ስፖርታዊ መንፈስ ከም ዝተዛዘመ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽ ባድሚንተን ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

እዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኮይኑ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብሓፈሻ 200 ጸወታታት'ዩ ኣካይዱ። ኣብዚ ውድድር ሓደሽቲ ተካእቲ ተጻወትቲ ባድሚንተን ከም ዝተራእዩን 40% ካብ ተወዳደርቲ ደቂ-ኣንስትዮ ምንባረንን እቲ ዝጽሑፍ ሓበሬታ የረድእ። ብዘይካዚ ካብ ናይ ንኣሽቱ ምድብ ናብ ማእከሎት ዝሰገሩ ተወዳደርቲ መኣጢ ብቕዓት ከም ዘንጸባረቑ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብመሰረት ኣብ መዛዘሚ ዝተኻየደ ጸወታታት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ ቅዱስ የናስ ኢያቤል መድሃኔን ኪ. ኢሰይያስን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኮይኖም ዕውቱ ከለዉ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ ሊንዳ ከሰተ፡ ሲና ሳምሶም ሓያት ኢብራሂምን ብቕደም ተኸተል ተሸሊሞም፡ ወርቂ፡ ብሩርን ኑሓስን መዓልያታት ኮይኑ።

ኣብ ክሊ ዕድመ 15-18 ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሀሳእና ዳዊት ቀዳመይቲ፡ ደሊና ሲሸል ካልኣይቲ የርባል ኣሮን ከኣ ሳልሰይቲ ኮይነን ውድድረን ዛዚመን ኣለዋ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ሰም ማሪቆስ ራእይ የናስን ኤሸንእዘር እስቲፋኖስን እዮም ተኸታቲሎም ተዓዊቶም።

ኣብ ናይ ዓበይቲ ጸወታ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዳናይት በኒያም ቀዳመይቲ፡ ሃና ሃይለ ካልኣይቲ፡ ሄቨን ሃይለ ሳልሰይቲ ኮይነን ውድድረን ክዛዘማ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ኣቤል ከርሱ፡ ናትናኤል ረዘነን ሄርሞን ሚካኤልን ብተኸታታሊ ዕወታት ከም ዝሸኑ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል ኣፍሊጡ።

ዕወታት ተወዳደርቲ፡ ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኢድ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ተቐቢሎም።

ውድድር ባድሚንተን ኣብ ሃገርና ካብ ዝተኣታቶ ነዊሕ ዓመታት'ኳ እንተቖጸረ፡ ከምቲ ዝድለ ክሰጉም ከም ዘይከኣለ ኣብዚ እዋን ግን ፈደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል ንምዕባለ እዚ ዓውደ ስፖርት ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ ነይሩ። ብዘይካዚ ካልኦት ዞባታት ውድድራተን ሰሪዐን ግቡእ ንጥፈታተን ክካይዳ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ፈደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ኣቐዲሙ ብወሰጣዊ ዓቕሙ ዘወደቦ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ከም ዝሃበ ኣዘኻኺሩ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ደ.ሪ.ኮንጎ - ፕረዚደንት ፈሊክስ ትሺሰከዲ ዳግማይ ተመሪጹ



ፕረዚደንት ደ.ሪ.ኮንጎ ፈሊክስ ትሺሰኪዲ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንኻልኣይ እብረ ከምእተዓወተ ኮሚሽን ምርጫ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ምርጫ ፕረዚደንት ፈሊክስ ትሺሰኪዲ፡ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ንቐንዲ መወዳድርቱ ማርቲን ፋዩሉን ደኒስ ሙክወጅን ከምዝሰዓረ እዩ እቲ ኮሚሽን ዘፍሎጠ።

ወጽኢት ናይ'ቲ ዝሓለፈ ቅዳመ-ሰንበት ልዕሊ 18 ሚልዮን ህዝቢ ድምጹ ዝሃበሉ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ኣብ ርእሰ-ከተማ ኮንጎ ዝኾነት ከተማ ኪንሻሳ ከምእተዋህበ/ ከምእተሓበረ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ፕረዚደንት ኣብ መወዳእታ ናይ'ዛ ሕዚኖያ ዘለና ወርሒ ቃለ-ማሕላ ክፍጽም ትጽቢት ከምዘሎ ምንጭታት ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እንተኾነ መወዳድርቲ ናይ'ዚ ንኻልኣይ እብረ ከምእተመርጸ ዝገለጸ ዘሎ ፕረዚደንት፡ በቲ ተዛሪጊሑ ዘሎ ወጽኢት ከምዘይዓገቡ ዝጠቐሱ ገለ ጸብጻባት፡ ደገፍቶም ኣብ ጎደናታት ኪንሻሳ ብምውጻእ ኣእማን እናደርበዩ ተቓውሞታት ከካይዱ ከምእተራእዩ ገሊጾም።

ኑቲ ተቓውሞታት ደው ንምባል፡ ኣባላት ጸጥታ ደሞክራስያዊት ሪፑብሊክ ኮንጎ፡ ዘንብዕ ጋዝ ክጥቀሙ ከምእተገደዱ እውን ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሖን።

## ኣብ 2023፡ ብሰንኪ ምዝባዕ ኩነታት ኣየር ልዕሊ 1 ቢልዮን ዶላር ክሳራ ወሪዱ

ኣብ ዓመት-2023፡ ብሰንኪ ምዝባዕ ኩነታት ኣየር ዝሰዓበ ባህርያዊ ሓደጋታት፡ ልዕሊ 1 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንዋታዊ ክሳራ ከምዝወረደ፡ ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ምህማም መሬት፡ ባርዕ ጫካን፡ ህቦብላዊ ማዕበልን፡ ኣብቲ ዓመት ልዕሊ 12 ሽሕ ሰባት ከምዝሞቱ እዩ እቲ ጸብጻብ ዘረድኤ።

ኣብ 2023፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም፡ ኣስታት 240 ከቢድ ጉድኣት



ዘውረዱ ባህርያውያን ሓደጋታት ከምእተመዝገቡ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ በቲ ሓደጋ ዝወረደ መጠን ሞት ምስ ናይ 2022 ክነጻጸር እንከሎ፡ ብተዓጻጻፊ ከምዝወሰኸ ተሓቢሩ።

ዓለማዊ ዋዒ፡ ካብ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ንደሓር ብ1.1 ዲ.ሰንቲግሬድ ከምዝወሰኸ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ መጠን ናይ'ቲ ናብ ኣየር ዝትፋእ ካርቦን ንምጉዳል ህጹጽ ስጉምቲ እንተዘይተወሲዱ፡ ኣብዚ ሕዚናዮ ዘለና ዘመን ጥራይ ብ3.1 ዲ.ሰንቲግሬድ ክዛይድ ምኳኑ ክኢላታት ኣከቢ የጠንቅቁ።

ሃገራት ዓለም፡ ካብ 2015 ኣትሒዘን ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ ቀጻሊ ዋዕላታት ከካይዳ እኳ እንተጸንሓ፡ እቲ ዋዕላታት ዛጊት ዝጥቀስ ኣበርክቶ ከምዘየምጸአ ይሕበር።

ሓያሎ ሃገራት፡ ኣብ ዝመጽእ 2050 ክትግብራኦ ኣትየናኦ ዘለዋ ውዕል ምጉዳል ተጠቃምነት በከልቲ ጋዛት፡ ሙብጽዓ ጥራይ ኮይኑ ከይተርፍ ዝሰግኡ ክኢላታት ክሊማ፡ ናይ ሓጺር እዋን ሸቶታት ሓንጺጽን (short term goals) ግብራዊ ስጉምቲ ክወስዳ ከምዝግብኣ የገንዝቡ።

ኣብ ዓለም ብሰንኪ ዝረአ ዘሎ ልዑል መጠን ብከላ ኣየር፡ መጠን ሙቐት ዓለም ኣብ መጀመርታ 2029 ብልዕሊ 1.5 ዲ.ሰ ክውሰኽ ከምዝኽእል እዮም ክኢላታት ዘገንዝቡ።

መጠን ሙቐት ዓለም - ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምስዘይውዕል፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዛ ጀሚርናያ ዘለና ዓመት፡ መጠን ናይ'ቲ ብህቦብላን ዕልቕልቕን ዝኸሰት ዕንወትን ሞትን ብዕጽፊ ክውሰኽ ከምዝኽእል ክኢላታት ይእምቱ።

## ኢራን፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ መርከብ ውግእ ኣዋፊራ

ኣብ ኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ፡ ንድሕነት ንግዳውያን መራኽብ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ተኸሲቱ ከምዘሎ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ኢራን - ኣብ ቀይሕ ባሕሪ መርከብ ውግእ ከምዘዋፈረት ተቓሊሑ።

መርከብ ውግእ ኢራን፡ ብመጺብጦ ባብ'ኤል መንደብ ኣቢላ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ከምዘኣተወት ዝጠቐሱ ምንጭታት ዜና ኢራን፡ ዕላማኣ ጸጥታ ናይ'ተን ኣብቲ ከባቢ ዝንቀሳቐሳ መራኽብ ንምውሓስ ምኳኑ እዮም ሓቢሮም።

ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ተዋፊሩ ዘሎ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ልዕሊ የመናውያን ዕጡቓት ሑቲ ብዝፈጸሞ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ከቢድ ንዋታውን ሰብኣውን ክሳራ ከምዘውረደን፡ ልዕሊ 10 ሰባት ከምዝሞቱን ምንጭታት ሑቲ ገሊጾም።

እቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ሑቲ ዘካየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ንድሕነት ንግዳውያን መራኽብ ንምውሓስ ከምዝፈጸመቶ እያ እትገልጽ። ዕጡቓት ሑቲ፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕቲ ብምቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ብቡብ ኤልመንደብ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ መጥቃዕቲ ድሮን ይኸፍቱ ምህላዎም እያ ኣመሪካ እትኸስስ።

እስራኤል ኣቐዲማ፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ሶርያ መጥቃዕቲ ብምኽፋት፡ ሓለዋይ መራሒ ሰራዊት ኢራን ሳይድ ራዚ ሙሳቪ ከምዝቐንጸለት ሓቢራ።

ካብ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ብመራኽብ ዝካየድ ንግዳዊ ምልውዋጥ - እቲ 12 ሚእታዊት ብማያት ቀይሕ ባሕሪ ከምዝሓልፍ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ህንዲ፡ ኣብ መጽናዕቲ እትነጥፍ መንኩርኩር ወንጨፋ

ህንዲ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ እትነጥፍ ብዓይነታ ፍልይቲ ምኻና ዝተገልጸት መንኩርኩር ብዓወት ወንጨፋ።

እቲ ጠፈራዊ ተልእኾ፡ ድሕሪ'ቲ ብማእከል ምርምር ጠፈር ኣመሪካ-ናሳ ኣብ 2021 ዝተኻየደ ዳህሳስ ናይ ፈለማ ምኻኑ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

እዚ ሕጂ ህንዲ ዘካየደቶ ዕወት ዝተባህለ ፈተነ፡ ኣብ ምሕያል ምርምር ዓውዲ ስነ-ፍልጠት እወታዊ ተራ ከምዝህልዎ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝጠቐሱ።

ህንዲ፡ ክሳብ 2040 ኣብ ዘሎ ዓመታት፡ ሰብ ዝጸዓነት መንኩርኩር ናብ ወርሒ ክትልእኽ መደብ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ኑቲ ውጥን ንምትግባር ዘኽእል መደበር ክሳብ 2035 ክትሃንጽ ምኻና ትገልጽ።

ህንዲ ኣቐዲማ እውን፡ ብርክት ዝበሉ ተልእኾታት መንኮርኮር ጠፈር ከምዘካየደት ይግለጽ።

እዛ ሕጂ ዝወንጨፈታ መንኮርኮር፡ ብኣስታት 30 ሚልዮን ዶላር ከም እተሃንጸት ዝሕብሩ ምንጭታት ህንዲ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ከተገልግል ከምእትኽእል የመልክቱ።



## ኣብ ጃፓን፡ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ልዕሊ 30 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ማእከላይ ሸነኽ ጃፓን፡ ብሰንኪ ዘጋጠመ 7.6 ሬክተር ዓቐን ዘለዎ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ልዕሊ 30 ከምዝበጽሐ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።

ካልኦት ቀጻርም ብዝጸር ዘይተፈልጡ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ እውን፡ ቁጽሪ ምውታት ክውሰኽ ከምዝኽእል እዩ ዝግመት።

በቲ ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ ዞባ ኖቶ ዝርከቡ ዓበይቲ ጽርግያታትን ድንድላትን ምዕናዎም ክፍለጥ እንከሎ፡ ልዕሊ 500 ሰባት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ከምእተዓገቱ፡ ብሰንኩ ድማ ማሕበራዊ ንጥፈታት እቲ ዞባ ከምእተሳናኸለ ተሓቢሩ።

ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ዞባ ክዮዳ ልዕሊ 19 ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ብዘይ ቀረብ ሓይሊ ኤለትሪክን ማይን ተሪፎም ምህላዎም፡ ሰብ-መዚ ጥዕና ጃፓን ይሕብሩ ኣለው።

በቲ ምንቅጥቃጥ፡ ሓደጋ ሱናሚ ከየስዕብ ዝሰግኡ መንግስቲ ጃፓን፡ ኣብ ደሴታት ኢሲካዋ፡ ኒጋታ፡ ቲያማን ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ድንጋጌ ኣመሓላሊፉ እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑ ከምዝሰረዞ ተፈሊጡ።

ደሃዮም ጠፊኡ ዝዘሎ ዜጋታት ንምርካቡ ኣብቲ ከባቢ ልዕሊ 1000 ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ተዋፊሮም ከምዘለዉ፡ ሰብ-መዚ እታ ሃገር ይሕብሩ።

ብመሰረት ክኢላታት ስነ-ምድሪ ጃፓን ሓንቲ ካብቲ'ን ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ብተደጋጋሚ ዝጥቃዓ ደሴታዊት ሃገር ኮይና፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ውሽጢ ዓመት ልዕሊ 1500 ምንቅጥቃጥ ምድሪ የጋጥም።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ሰፊ ዘይብል ንዋታዊ ክሳራ ወሪዱ ከምዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣማኢት መንበሪ ኣባይቲ ከምዝዓነወ እውን ገሊጾም።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 03/01/2024 | ጎደና ሃገር ቁ 20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ጣንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services